
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.170 ቀዳም 16 መጋቢት 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዝኽሪ ህይወት ስዉእ ሜ/ጀነራል ሑመድ ካሪካሪ


ገጽ 3


ገጽ 5
. . . ኣብ ምህናጽ ኤርትራዊ መንነት እምነ-መሰረት ዘንጸፈት ሰፍራ. . .


ገጽ 7
ኣገዳስነት ምዕቃብ ሓመድን ማይን

ገጽ 11
ሻምፒዮን ክለባት ኤርትራ ቀጺሉ



## ስነ-ስርዓት ቀብሪ ሜጀር ጀነራል ሑመድ ካሪካሪ ብክብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተፈጺሙ



ስነ-ስርዓት ቀብሪ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ - ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካሪ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ቤተ-ሰቡን መቓልስቱን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ትማሊ 15 መጋቢት ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1969 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረ፡ ኣብ ወርሒ ግንቦት 1970 ድማ ካብ'ቶም ቀዳሞት መስረትቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝኾነ ጉዱም ተጋዳላይ ሑመድ ካሪካሪ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍሊ ኢምዳድን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት፡ ኣዛዚ ባሕሪያ፡ ከምኡ'ውን ብደረጃ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተቓለሰን ብኣብነት ዝመርሐን ሓርበኛ እዩ።

ተጋዳላይ ሑመድ ካሪካሪ፡ ንዋሕ ዓመታት ኣባል ኢምዳድን ኣሃዱ ባሕርያን ሓይሊ ባሕርን ኮይኑ ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን፡ ኣብ ምስረታ፡ ዕብየትን ምዕባለን ናይ'ዚ ኣሃዱታትን ኣብ ወተሃደራዊ ስርሒታት ሓይሊ ባሕርን፡ ብኹሎም መቓልስቱን ብጾቱን ዝምስከረሉ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበረ ኣብነታዊ ሓላፊ'ዩ ነይሩ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካሪ፡ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ደንካልያ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ፡ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ፡ ከም ኡ'ውን ኣወሃሃዲ ግንባር መኸተ ልምዓት ምብራቕ ብምዃን ክሳብ ዕለተ ማስዋእቱ ንህዝቡን ሃገሩን ብጠቕዓትን ተወፋይነትን ኣገልጊሉ።


ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካሪ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ኣርባዕተ ደቂን እዩ።





ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ፡ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኮሎኔል መልኣከ ተኽለማርያም፡ ሱልጣን ራሕይታ - ዓብዱልቃድር ዳዉድ፡ ብስም ስድራ-ቤቱ ድማ - ደቁ ንኽብሪ ስዉእ ኣኽሊል ዕንበባ ኣንበሩም።


(ታሪኽ ህይወት ስዉእ ሜጀር ጀነራል ሑመድ ካሪካሪ - ኣብ ገጽ 2 ኣሎ)



# ሓጺር ዝኽሪ ህይወት
## ሓርበኛ ተጋዳላይ
## ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካረ
### (ኣብ ስነስርዓት ቀብሪ ዝተነበበ - 15/3/24)

*ክቡራንን ክቡራትን!*

*ሓርበኛ ከም ኩሉ ፍጡር ሓላፊ'ዩ፡ ታሪኹ'ዩ ዘልኣለማዊ፡ እዚ ድማ ሎሚ ሓደ ካብ'ቶም ጊደሊ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ዘፍረዮም፡ ምስእ ዕምሪም ንህዝባዊ ዕላማ ወፊዮም፡ ብልዑል ሃገራዊ ፍቕሪ ሓጎን ጸገማትን ተቓሊሶም፡ ናጽነትን ልዑላውነትን ሃገር ዘውሓሱ ሓርበኛታት ብምስዋእቲ ተፈልዮናስ፡ ብሓበንን ክብርን ንፋነዎ ኣሎና፡፡ ጉዳም ተጋዳላይ፡ ኣብነታዊ ሓላፊ፡ ምኩር ወተሃደራዊ መራሒ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ሐመድ መሓመድ ካራካረ፡፡*

ኣብ 1951፡ ካብ ወለዱ ኣቶ መሓመድ ካራካረን ወይዘሮ ሙእሚና ዑመር ሼኽን፡ ኣብ "በይሉል" ንኡስ ዞባ "ደቡብ ደንካልያ" ዝተወልደ ሓርበኛ ተቓላሳይ ሐመድ መሓመድ ካራካረ፡ ካብ 73 ዕድመኡ፡ 55 ዓመታት ኣብ ቃልሲ ንናጽነትን ህንጸት ሃገርን ዘሕለፎ፡ ሓደ ካብ'ቶም፡ ብርቱዕ ፍቕሪ ህዝብን ሃገርን፡ ትሕቶው መንፈስ፡ ጽንዓት፡ ተበጻወትነት፡ ትብዓት፡ ምቅሉልነት ዝመስለይኡ ክብርታት ዝውንኑ ጀጋኑ ደቂ'ዛ መሬት እዩ፡፡

ሓርበኛ ተጋዳላይ ሐመድ ካራካረ፡ ኣብ ግዜ ቁልዕነቱ ኣብ ትውልዲ ዓዱ "በይሉል" ምስ ስድራቤቱ ኣብ መጓሰ እናተሓጋገዘ እዩ ዓብዩ፡፡ ኣብ እዋን ጉብዝናኡ ከኣ ባሕረኛ ኮይኑ ኣብ ምግፋፍ ዓሳን ንግዲን ክሰርሕ ጀሚሩ፡፡ ጎድኒ ጎድኒ'ዚ ንጥፈት'ዚ፡ ብጻይ ካራካረ፡ ኣብ ከባቢኡ ብቛንቋ ዓረብ ዝውሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ተኸታቲሉ፡ ምጽሓፍን ምንባብን ቛንቋ ዓረብ ዝመለኸ እዩ ነይሩ፡፡

ብጻይ ካራካረ፡ ኣብ እዋን ብጽሕናኡ ብስራሕን መበኢታዊ ትምህርቲን ዘጥረዮ ንቕሓት ስለዝነበሮ፡ ኑቲ ሽዑ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ብምስትውዓል፡ ኣንጻር መግዛእቲ ናይ ምቅላስ ልዑል ሃገራዊ ወኒ ኣሕደረ፡፡ ወዲ 18 ዓመት ምስ ኮነ ድማ፡ ኣብ ሚያዝያ 1969 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰለፈ፡፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኣሃዱታት ዝውሃብ ዝነበረ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ስልጠና ድሕሪ ምቕሳሙ ከኣ፡ ኣብ ሓይሊ እድሪስ በሎ ተመደበ፡፡ ብጻይ ካራካረ ንሓደ ዓመት ተራ ተዋጋኣይ ኮይኑ ኣብ ዝቃለሰሉ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ውሽጢ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብመሰረታት ተጋደልቲ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ተላዒሉ - ምውላድ ህዝባዊ ሓይልታት ምስ ኣኸተለ፡ ካብ ተ.ሓ.ኤ. ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሰጊሩ፡ ቃልሱ ንናጽነት ብዘለዓለ ወኒን መንፈስን ቀጸለ፡፡

ብጻይ ካራካረ፡ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ካብ 1970 ክሳብ 1971 ኣብ ሓይሊ ኣልኣሚን ተራ ተዋጋኣይ ኮይኑ ድሕሪ ምቕላሱ፡ ኣብ መወዳእታ 1971 መራሒ መስርዕ ኮይኑ ተመዚዙ፡፡ ብድሕሪ'ዚ ናብ ሓይሊ ዑስማን ከራር ተቐይሩ ክሳብ ለካቲት 1972 ማእከልነት ጋንታ ኮይኑ ድሕሪ ምግልጋል፣ ናብ ሓይሊ ዓብዱራሕማን ተቐይሩ፡፡

ሓርበኛ ተጋዳላይ ሐመድ መሓመድ ካራካረ፡ ኣብ ጥሪ 1972 ኣብ ውግእ ሓድሕድ ዓራታት መውጋእቲ ኣጋጢምዎ ንወጻኢ ሃገር ከይዱ ተሓኪሙ ምስ ተመልሰ፡ ካብ ተዋጋኢ ሰራዊት ናብ ኣሃዱ ኣጸዋር (ኢምዳድ) ተቐይሩ፡፡ ካብ ሕዳር 1975 ክሳብ መጋቢት 1976 ድማ፡ ኣብ 2ይ ዙርያ ትምህርቲ ካድር ፖለቲካዊን ፍልስፍናዊን ትምህርቲ ቀሲሙ፣ ናብቲ ዝነበሮ ኣሃዱ ኣጸዋር ተመሊሱ፡፡ ኣብ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ጥሪ 1977 ከኣ፡ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኮይኑ ተመሪጹ፡፡

ብድሕሪ'ዚ ብጻይ ካራካረ ሓላፊ ኣሃዱ ባሕርያ ኮይኑ ተመዚዙ፡፡ ኣብቲ ሃልኪ ዝመልኦ፡ ልዑል ተወፋይነት፡ ብልሓትን ትብዓትን ዝጠልብ ዕማማት ባሕርያ፡ ኣብ ምብጻሕ ስንቂን ኣጸዋርን ተተኲስቲን ኣብነታውን ተባዕን መራሒ ኮይኑ ብልዑል ተወፋይነት ድሕሪ ምግልጋሉ ድማ፡ ኣብ 1987 ኣብ ዝተኻየደ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ እንደገና ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኮይኑ ተመሪጹ፡፡

ሓርበኛ ተጋዳላይ ሐመድ ካራካረ፡ ንዊሕ ዓመታት ኣባል ኢምዳድን ኣሃዱ ባሕርያን ሓይሊ ባሕርን ኮይኑ ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን፡ ኣብ ምስረታ፡ ዕብየትን ምዕባለን ናይዚ ዝተጠቕሰ ኣሃዱታትን ኣብ ወተሃደራዊ ስርሒታት ሓይሊ ባሕርን ብኹሉም መቓልስቱን ብጹቱን ዝምስከረሉ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበረ ኣብነታዊ ሓላፊ እዩ ነይሩ፡፡

ስውእ ሜጀር ጀነራል ሐመድ መሓመድ ካራካረ፡ ኣብዚ ናይ ቃልሲ ህይወቱ ኣብ ብዙሕ ውግኣት'ዩ ተሳቲፉ፡፡ ኣብ ሰ 1970 ኣብ ሰዱሕ ዒላ ኣንጻር ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ ኣብ ጥሪ 1972 ኣብ ውግእ ሓድሕድ ዓራታት፣ ኣብ ክረምቲ 1972 ኣብ ውግእ ሓድሕድ ደምባቤት፣ ኣብ ግንቦት 1972 ኣንጻር ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ስርሒት ሰበርጉማ፣ ኣብ ሚያዝያ 1988 ኣብ ስርሒት ሰንዓበርን ራፋይሎ ዓሰብ፣ ኣብ ግንቦት 1988 ብደረጃ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ስርሒት መጻብቦ ባጽዕ፣ ኣብ መስከረም 1988 ኣብ



ስርሒት ወደብ ባጽዕ፣ ኣብ ለካቲት 1990 ኣብ ስርሒት ፈንቅል፣ ኣብ 1991 ድማ ኣብ ወፍሪ ደንከል ብጅግንነት ዝተዋግኣን ዘዋግኣን ወፋይ ወተሃደራዊ መራሒ እዩ፡፡

ብጻይ ካራካረ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ 1993 ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ደንካልያ ኮይኑ ተመዚዙ፡፡ ክሳብ ነሓሰ 1995 በዚ ጽፍሒ'ዚ ድሕሪ ምግልጋል ከኣ፡ እንደገና ናብ ሓይሊ ባሕሪ ተመሊሱ፡ ብማዕርግ ሜጀር ጀነራል ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኮይኑ ተመዚዙ፡፡ ኣብ 2014 ድማ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕርን ኣቦመንበር ቦርድ ፍርያት ባሕርን ኮይኑ ድርብ ሓላፍነት ተሰኪሙ፡፡ ሓርበኛ ተጋዳላይ ሜጀር ጀነራል ሐመድ ካራካረ፡ ካብ ነሓሰ 2017 ክሳብ ሚያዝያ 2020 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕርን እዚ ምብራቕን ኣወሃሃዲ ግንባር መኸተ ምብራቕን ኮይኑ፡ ብልዑል ጅግንነትን ተወፋይነትን ንሃገሩን ህዝቡን ዘገልገለ ኣብነታዊ መራሒ እዩ፡፡

ስውእ ተጋዳላይ ሜጀር ጀነራል ሐመድ መሓመድ ካራካረ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲን መድረኽ ናጽነትን ኣብ ኩሉ ዝተመደቦ ስርሓት፣ ሃገርን ህዝብን ዘሰከሞ ሓላፍነት፡ ብልዑል ተወፋይነትን ብቕዓትን ዝፈጸመ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ምምስራትን ምምዕባልን ናይ'ቲ ብንኣሽቱ ጀላቡ ምስ ዘመናውያን መራኽብ ውግእ ገጢሙ መስተንክር ቅያ ዝፈጸመ ጅግና ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ፡ ዓቢ እጃም ዘበርከተ ተቓላሳይ እዩ፡፡

ስውእ ሜጀር ጀነራል ካራካረ በዓል ሓዳርን ኣቦ 4 ደቂን እዩ፡፡

ጉዳም ተጋዳላይ ሐመድ ካራካረ፡ ብሃገራዊን ሞያውን ኣበርክቶኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ውልቀሰብ፡ ሰብኣዊ ባህርያቱ ዝደነቐ እዩ ነይሩ፡፡ ምስ ዓቢ ይኹን ንእሹቶ ብቐሊሉ ክረዳዳእ ዝኽእል ብጻይ ካራካረ፡ ምቕሉል፡ ሕያዋይን ለዋህን፡ ኣብ ውሳኔታት ብህድኣቱን ርግኣቱን ምስትውዓሉን ዝልለ፣ ወፋይን ተባዕን ተቓላሳይ ብምንባሩ፡ ብኹሎም መቓልስቱን መሳርሕቱን ኣዝዩ ፍትዉን ምስጉንን ብጻይ እዩ ነይሩ፡፡


ምሉእ ዕድመኡ ብልዑል ሓጎን ጸገማትን ስለ ሃገርን ህዝብን ተወፍዩ ዝተቓለሰ ብጻይ ካራካረ፡ ኣብዚ ዳሕረዋይ ዓመታት ናይ ጥዕና ጸገማት እኳ እንተኣጋጠሞ፡ ደኺመ ከዕርፍ ከይበለ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ፡ ህዝቡን ሃገሩን ዘሰከሞ ሓላፍነት ብትግሃት ዝፈጸመ ሓርበኛ እዩ፡፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ሕክምናዊ ክንክን ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ብ13 መጋቢት 2024 ኣብ መበል 73 ዕድመኡ ዓሪፉ፡፡ ሎሚ ዓርቢ 15 መጋቢት 2024 ድማ - ክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ብጻይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት፡ ኣመሓደርቲ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ቤተ-ሰቡ፡ ህዝብን ሰራዊትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ፡ ብኽብሪ ዝበለ ስነስርዓት፡ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ፡፡

ዕድመኡ ምሉእ ንሃገራዊ ናጽነትን ዕብየትን ዝወፈየ ጉዳም ተቓላሳይ "ዓሪፉ" ዝብል ዜና ክሰምዕ እንከሎ፡ ንህዝብን ሃገርን ዓቢ ክሳራ እኳ እንተኾነ፡ ስውእ ተጋዳላይ ካራካረ ግን ኣብ'ቲ ዝተዋህቦ ዕምሪ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ተጻዊኑ ዝነበረ ኣርዑት መግዛእቲ ኣብ ምቕንጣጥ፡ በሪ ርህው መጻኢ ኣብ ምርሓው፣ ስለ ሃገርን ህዝብን ተወፍዩ ዕውት ስራሕ ብምስራሑ፡ ሃገራዊ ግቡኡ ብምልኣት ዝፈጸመ ዜጋ ብምዃኑ፡ ንሕና ብዙሕ ዝንመሃረሉን ዘፍረያሉን ገዚፍ ህይወቱ፡ ብሓበንን ዓቢይ ክብርን እናዘከርና ኢና ንፋነዎ ዘሎና፡፡

መንግስቲ ኤርትራ፡ ብመስዋእቲ ጉዳምን ወፋይን ብጻይ፡ ኣብነታዊ ሓላፊ ሜጀር ጀነራል ሐመድ መሓመድ ካራካረ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱን መላእ ህዝቢ ኤርትራን "ጽንዓት ይሃብኩም!" ይብል፡፡

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!**

**ዓወት ንሓፋሽ!**





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቁ.ስ.200454-07121322

ምልክታ

ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጾ. 1284

# ካብ ሰነዳትን ስነ-ስርዓት ቀብርን ስውእ መጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካረ
























ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ- ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ሳልሕ ዓብደልቓድር
ኣብርሃም በየነ


ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ቀለብ ፍቱሓት



ኣማኻሪ፤ ሄለው፡ ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም። መን ክብል?

ደዋሊ፤ ጽቡቕ! ሕጅስ ረኺበኩም እምበኣር።

ኣማኻሪ፤ ስኢንካና ነይርካ ዲኻኸ?

ደዋሊ፤ ሰዓታትኩም ዘይፈለጥክዎ ግዲ ኮይኑ፡ ብዙሕ መዓልታት ደዊለ ክረኽበኩም ኣይቀነኹን።

ኣማኻሪ፤ ሰዓታት ኣገልግሎትና ኣይትፈልጦን ዲኻ?

ደዋሊ፤ ውሱን ሰዓታት ከም ዘለኩም ኣይፈልጥን'የ።

ኣማኻሪ፤ እሞ በዚ ኣጋጣሚ፡ ነቶም ዝፈልጥዎ መዘኻኸሪ፡ ንዘይፈልጥዎ ከኣ መሐበሪ ይኹነን። ኣገልግሎትና ምሉእ መዓልቲ ብዘይ ደረት ሰዓታት ኣይኮነን። ንግሆ ካብ ሰዓት 10 ቅ.ቐ ክሳዕ ሰዓት 12 ድ.ቐ ክኸውን እንከሎ፡ ናይ ድሕሪ ቐትሪ ድማ ካብ ሰዓት 3 ድ.ቐ ክሳዕ ሰዓት 7 ድ.ቐ ጥራይ'ዩ። ኣብ ውሽጢ እዘን ሰዓታት ዲኻ ደዊልካ ስኢንካና?

ደዋሊ፤ ኣይ ኣይኮነን። ካብ ፋዱስን ፈረቓን ክሳዕ ሰዓት ሓደን ፈረቓን ኣብ ዘሎ ግዜ'የ ዝድውል ነይረ። ሓቀይ'የ ክስእነኩም ማለት'ዩ።

ኣማኻሪ፤ እወ። ብዝኾነ፡ ስምካን እትድውለሉ ዘለኻ ቦታን'ኮ ኣይነገርካንን።

ደዋሊ፤ ሓቅኻ! ኤርምያስ እብሃል፡ ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ኤምያስ፡ እንታይ ክሰምዓካ?

ደዋሊ፤ ኣነሲ ብትምህርቲ ናብ ሃገረ ደቡብ ኣፍሪቃ ገይሸ ነይረ። ኣብኡ ዝሰማዕክዎ ሕጊ ስለ ዝገረመንን ኣብ ሃገርናኸ ከምኡ ዓይነት ሕጊ ይህሉዶ ይኸውን ኢለ ብህንጡይ መንፈስ ክድውል ቀንየ።

ኣማኻሪ፤ እንታይ ዝብል ኮይኑ'ዩ ደካ እቲ ዝገረመካ?

ደዋሊ፤ ሓቂ ይሓይሽ፡ ኣነ ናይ ሕጊ ሞያ ስለ ዘይብለይ ኣገሪሙኒ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ንሰብ ሞያ ሕጊ ዘይከገርም ይኽእል'ዩ። ብኣጋጣሚ ኣብቲ ብትምህርቲ ዝኣተኽዎ ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሕጊ ዘጽንዕ ዝነበረ ወዲ ደቡብ ኣፍሪቃ ምስ ተላለኹ ዝነገረኒ'ዩ። ብዛዕባቲ ዝነገረኒ ነጥቢ፡ ኩነታት ሕጊ ሃገርና ክሓተኒ ኢሉ ዘምጽኦ'ዩ። "ኣይፈልጦን'የ፡" ምስ በልክዎ'ውን፡ "ዋላ ናብ ሃገርኩም ምስ ተመለስካ ሓቲትካ ኣብ ምላሽካ ትነግረኒ፡" ኢሉኒ። በዚ'የ ከኣ ክድውለልኩም ቀንየ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ጌርካ ኤርምያስ። እዚ ኣገዲሱካን ኣገሪሙካን ዘሎ ጉዳይ ነቲ ደቡባ ኣፍሪቃዊ ኢልካ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ሃገራዊ ሕጊ ብዝተወሰነ መልክዑ ክፈልጦ ኣድላዪ'ዩ። ብቐንዱ ኸኣ፡ "ሕጊ ኣይፈልጥን'የ፡" ኢልካ ነብስኻ ከተድሕን ስለ ዘይክኣል። ግን ክሳዕ ሕጂ እቲ ጉዳይ ኣይነገርካንን'ኮ?

ደዋሊ፤ እቲ ጉዳይ "ቀለብ ፍቱሓት" ዝብል ኣምር'ዩ። ከምቲ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ዓርከይ ዝነገረኒ እንተ ኾይኑ፡ ንዝፈታሕካያ ሰበይቲ ወይ ንዝፈታሕካዮ ሰብኣይ ምቕላብ ማለት'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ቀለብ ፍቱሓት ዝብሃብ፡ ቃል ብቓሉ ከምኡ እዩ ዋላ'ኳ እንተ ዘይበልናዮ፡ እቲ ኣምር ግን ንሱ እዩ። መጻምድቲ ኣብ ዝፋትሕሉ ግዜ፡ ኣታዊ ዝርከቦ ከም ስራሕ ዝኣመሰሉ ምንጪ ዘይብሉ መጻምድቲ፡ ብመጻምድቱ ዝግበረሉ ገንዘባዊ ደገፍ ማለት'ዩ።

ደዋሊ፤ መን ንመን ይቕልቦ ማለት'ዩ?

ኣማኻሪ፤ ከም ሓፈሻዊ ኣምር ሕጊ፡ ንሰበይቲ የብሉ ንሰብኣይ። ኩሎም ክቕልቡ ወይ ክቕለቡ ይኽእሉ እዮም። እቲ መዐቀኒ መን'ዩ ዝብል ዘይኮነስ፡ መን ኣታዊ ኣለዎ መንከ ምንጪ ኣታዊ ዘይብሉ ዝብል እዩ። ብናይ ሃገርና ሕጊ ምስ እንርእዮ፡ ብዙሕ ግዜ ደቀንስትዮ ኣብ ትሕቲ ብዓልቤተን ኮይነን ስራሕ ገዛን ምክንኻን ቈልዑን ስለ ዝድረታ፡ ሰብኣይ ንሰበይቲ ክቕልባ ኢና እንጽበዮ። ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃኸ እንታይ'ዩ ነጊሩካ?

ደዋሊ፤ ተመሳሳሊ እንድዩ ነጊሩኒ፡ ብዙሕ መዐቀኒታት ከም ዘለዎ'ዩ ዝዛረብ። ኣብ ሃገርና ልሙድን ኣብ ባይታ ዝሰርሓሉን ድዩኸ?

ኣማኻሪ፤ ብመሰረቱ እዚ ኣምር'ዚ ኣብ መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ሃገርና ኣይንረኽቦን ኢና። ግን ንዕኡ ዝመስል "መፋነዊ" እንብሎ ኣምር ኣለና።

ደዋሊ፤ መፋነዊ እንታይ ማለት'ዩ?

ኣማኻሪ፤ መፋነዊ ክብሃል እንከሎ፡ ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ሞያ ይኹን ምንጪ ኣታዊ ዘይብላ ካብ ብዓልቤታ ጥራይ እትጽበ ዝጸንሐት ከም መትከሊ እግሪ ተባሂሉ ዝወሃባ ብልምዲ ዝተኣታተወ መጠን ገንዘብ'ዩ።

ደዋሊ፤ መዓስን ብኸመይንከ ይወሃባ?

ኣማኻሪ፤ መፋነዊ ኣብ ግዜ ፍትሕ ብቤተዘመድ ሽማግለታት ዝውሰን ኮይኑ፡ ከም ካልኦት ነጥብታት ፍትሕ ኣብ ውሳኔ ፍትሕ ዝሰፍር'ዩ። ምስ ኩሎም ነጥብታት ፍትሕ ከም ቀለብን ሞግዚትነትን ቈልዑ፡ ምቕሊት ንብረትን ሃብትን ጀሚሩ ኸኣ ምስኡ ብማዕረ ይፍጸም።

ደዋሊ፤ መፋነዊ ብመንጽር ልምዲ ኣብያተ ፍርድና ንኹለን ብፍትሕ ዝፈላለያ ደቀንስትዮ ድዩ ዝወሃብ?

ኣማኻሪ፤ ኣይፋሉን። ዝተፈላለዩ መዐቀኒታት ኣለዉ። እታ ጓል ኣንስተይቲ ካብ ብዓልቤታ ብፍትሕ ምስ ተፈላለየት፡ ነብሳ ክትመርሓሉ እትኽእል ሞያ ወይ ካልእ ምንጪ ኣታዊ ኣለዋ ድዩ፡ ዝብል ሕቶ ብቐዳምነት ዝስራዕ ኮይኑ፡ ካብ ዝፈርስ ዘሎ ሓዳርከ እንታይ ምቕሊት ወሲዳ ትፈላለ ኣላ ኸኣ ካልእ ሓጋዚ ነጥቢ'ዩ። ካብዚ ተፈልዮም ዘይርኣዩ ድማ፡ እታ ጓል ኣንስተይቲ ካብ ሓዳራ ሒዛቶ እትወጽእ ዘላ ጾር'ውን ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ። ሓንቲ ትሕቲ ዕድመ ቈልዑ ሒዛ እትፋታሕ ዘላን ንነብሳ ብዘይ ዝኾነ ቈልዓ እትፋታሕ ዘላን ሓደ ክኾና ስለ ዘይክእላ እዩ። ብፍላይ ድማ እቶም ቈልዑ ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም ምስ ዝኾኑ፡ ጾራ ዝያዳ ስለ ዝዓቢ ኣብ ጉዳይ መፋነዊ ዓቢ ጽልዋ'ዩ ዘሕድር። ብሓጺሩ፡ ሓንቲ ካብ ሓዳራ ብርክት ዝበለ ጥሪ ገንዘብን ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ሒዛ እትፈላለ ዘላ፡ ምንጪ ኣታዊ ክኾና ዝኽእል ሞያ ወይ ካልእ ዘለዋ እሞ ኸኣ ጾር ናይ ምዕባይ ቈልዑ ዘይብላ ምስ እትኸውን፡ መፋነዊ ኣይግብኣን ክበሃል ዝክኣል'ዩ። በኣንጻሩ እታ ካብ ሓዳራ ርቡሕ ምቕሊት ዘይረኸበት፡ ካብ ኢድ ብዓልቤታ ክትጽበ ዝጸንሐት ወይ'ውን ጾር ምንባይ ቈልዑ ኣብ እንግድዕኣ ዝተሰከመት ግን ክስም ደረጃን ዕድመን ናብራኣ እትሰክሞ ጾርን ዝፈላለ መፋነዊ ይወሃባ እዩ። ኣብዚ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ኸኣ ናይ ምቕላብ ዓቕሚ ናይቲ ብዓልቤት'ውን ኣብ ምውሳን መጠን መፋነዊ ኣገዳሲ እዩ።

ደዋሊ፤ እዚ መፋነዊ እንብሎ ዘለና ብቐጻሊ ዝኽፈል ድዩ ወይስ ሓንሳብ ጥራይ'ዩ ዝኽፈል?

ኣማኻሪ፤ ብመንጽር ልምዲ ኣብያተ ፍርዲ ኤርትራ መፋነዊ ሓንሳብ ብሽማግለታት ወይ ቤት ፍርዲ ምስ ተወሰነ፡ ከም ኩሎም ነጥብታት ፍትሕ ሓደ ውሱን መጠን'ዩ ዝወሃብ። ሓንሳብ እንተ ተዋሂቡ ድማ ከም ቀለብ ቈልዓ ወርሓዊ ዝኽፈል ኣይኮነን። ብሓጺሩ ከም ስሙ መፋነዊ እዩ።

ደዋሊ፤ እሞ እቲ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ዓርከይ ዝነገረኒ ግን ካብዚ ፍልይ ዝበለ ይመስለኒ።

ኣማኻሪ፤ እንታይ ፍልልይ ኣስተብሂልካ?

ደዋሊ፥ ብመጀመርያ፡ ቀለብ ፍቱሓት ኢሉ ክትርጉሞ ዝሰኣልኩ፡ እቲ ቀለብ ካብ ዕለተ ፍትሕ ከም ቀለብ ቈልዓ ወርሓዊ ዝኽፈልን ክሳብ እቲ ተቐላቢ ብሞት ዝፍለ ወይ'ውን ምስ ካልእ ሰብ ዝምርዖን ዝቕጽል'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ቀለብ ንፍቱሓት ዝተፈላለየ መልክዕ ክሕዝ ዝክኣል'ዩ። ቀዋሚ፡ ጥቕሉል፡ ስማዊ ግዝያዊ፡ ወዘተ ተባሂሉ ክግለጽ ይክኣል። እዚ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ብማለት ዝገለጽካዮ ቀዋሚ ቀለብ'ዩ ዝብሃል። እዚ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ሃገርና ዘሎ መፋነዊ ድማ ምስቲ ጥቕሉል ዝብሃል ዓይነት ተመሳሳልነት ዘለዎ'ዩ። እቲ ስማዊ ወይ ንግለቱ ተባሂሉ ዝግለጽ ድማ፡ ካብ ኩነታት ቀላብን ተቐላብን ብምብጋስ መሰል ንኽይንፈግ ወይ ንድሓር ብግዜ ንኽይሰኣን ተባሂሉ ዝውሰን ከም ስሙ ንግለቱ ዝጥቀስ መጠን'ዩ። ምናልባሽ ኣብዚ ናይ 2015 ዝወጽአ ሲቪላዊ ሕግና ውሱን ዓንቀጽ ተዋሂብዎ ስለ ዘሎ፡ እዚ ሕጊ'ዚ ተግባራዊ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ከምዚ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ኢልካ ክትገልጾ ዝጸናሕካ ኣብ ሕጊ ዝሰፈረ ቀለብ ፍቱሓት ክህልወና እዩ።

ደዋሊ፤ ኣይዋ! ብመንጽር እዚ ናይ 2015 ሕግናኸ ከመይ'ዩ?

ኣማኻሪ፤ እቲ ኣምር ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን። እቲ ብልምዲ ተባሂሉ ክግለጽ ዝጸንሐ መፋነዊ፡ ድብቱር ሕጊ ኮይኑ ስለ ዘሎ'ዩ። ብቐንዱ ኸኣ እዚ ሕጊ'ዚ ብድሌት ተኸራኸርቲ ወገናት ጥራይ ዝለዓል እዩ። ግን ኣብ ተግባር ዘይውዓለ ሕጊ ሕጂ ክንዛረበሉ ቍሩብ ከሰክፍ ይኽእል'ዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ተግባር ኣብ ዝውዕለሉ ግዜ ከም ዘለዎ ድዩ ክኸውን ወይስ ለውጢ ክግበረሉ ስለ ዘይፍለጥ'ዩ።

ደዋሊ፤ እሞ ነዚ ደቡብ ኣፍሪቃዊ መማህርተይ ኣብ ምላሸይ ነዚ ዝምልከት ህሉው ልምዲ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ 2015 ዝወጽአ ሕጊ ኸኣ ከም ዘለና'የ ክገልጸሉ ማለት ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ብልክዕ ኣይተጋገኻን ኤርምያስ።

ደዋሊ፤ እሞ እቲ ዝገረመኒ ሕጊ ኣብ ሃገርና ኸኣ ይሰርሓሉ ብምኳኑ፡ ኣነ ኸኣ ዝኾነ ኣፍልጦ ዘይብለይ ብምጽንሐይ ከይገረመኒ ኣይተረፈንን። ብዝኾነ፡ ንዝሃብኩሙኒ ምኽሪ ኣዝየ'የ ዘመስግን። የቐንየለይ!

ኣማኻሪ፤ ገንዘብካ ኤርምያስ። ብሩኽ መዓልቲ!

## ልቦና ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

~ ሓደ ሚኒስተር ናይ ሓደ ዓዲ፡ ንመዓልታት ዝኸደ ዑደት ይገብር ነበረ። ብባቡር፡ መኪናን ጃልባን ገይሩ ኸኣ ኣብ ሓንቲ ደሴት በጽሐ። እታ ደሴት ብርቱዕ ቀዝሒ ከም ዘሎዋ'ኳ እንተ መስከረ፡ በቲ ደረት ትራኢትን ጽባቐ ኣከባቢን ናይታ ደሰት ግን ተመሰጠ። ኣብታ ደሴት እናኾለለ ሓንቲ ነበራቲ ደው ኣቢሉ ከዛርባ ጀመረ።

"ንስኹም ኣብ ርሑቕ ቦታ ኢኹም ትቕመጡ ሓቀይ?" በላ።

"ርሑቕ ካበይ?" ክትብል መለሰት።

~ ክልተ ሰብኡት ብሓንቲ ጃልባ ኣብ ሓደ ውቅያኖስ ይጓዓዙ ነበሩ።

እቲ ሓደ ሰብኣይ ኣብ ምድሪቤት ናይቲ ጃልባ ክፍሕር ጀመረ።

"እንታይ ትገብር ኣለኻ? ግድፍ'ባ!" ሓተተን ተማሕጸነን እቲ ካልኣዩ ተገሪሙ።

"ቀሰን ኣጀኻ! ብወገነይ ጥራይ'የ ዝፍሕር ዘለኹ፡" ክብል መለሰ።

***

Insiprationalstories.com

# “ኣዱሊስ፡ ኣብ ምህናጽ ኤርትራዊ መንነት እምነ-መሰረት ዘንጸፈት ስፍራ እያ” ዶ/ር ጸጋይ መዲን

መርሃዊ ገብረሚካኤል

ሳልሳይ ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ኢጣልያዊት ክኢላ ስነጥንትን ስነስብን - ሳሬና ማሱ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ኣዱሊስ ጥንታዊ ኣሰራትን ቅርሲታትን ንምድህሳስ ዝቐጸለ ዘሎ ናይ ኩዕታ ፕሮጀክት ኣመልኪታ ዝሃበትና ዝርዝራዊ መብርሂ ኣቕሪብናልኩም ነይርና። ንሎሚ ከኣ መቐጸልታኡ ነቕርበልኩም - ሰናይ ንባብ*



ዶክተር ጸጋይ መዲን

“ስነፍልጠታዊ ኣገባብ ኣሰራርሓ ማእከል ዝገበረ ጥንታዊ ምርምርን ኩዕታን፡ ብዙሕ ጸገማት ከጋጥምዎ ባህርያዊ እዩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩሉ መዓይ ናይቲ ዝኩዓት ቅርሲ ዕንወት ከየስዕብ ከቢድ ጥንቃቐ የድሊ። ስለዚ፡ ነቲ ንኽድህሰስ ኣተከሮ ሂብና ንሰርሓሉ ዘለና መዓይት ቀዳምነት እናሃብና፡ ኣብቲ ጥንታዊ ናይ ትሕተ-ቅርጺ መዳዩ እውን ኣሳናዊ ጽልዋ ከይህልዎ ጥንቃቐ ዝመልኦ ንጥፈታት ኣብ ምክያድ ንርከብ፡ ከም መርኣያ ናይዚ ከኣ ናይ ጾገና ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፍሉይ ጨንፈር ኣሎና።

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ዝተሰርሐ ስራሕ ጐድኒ ጐድኒ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ህንጻታት ብጾገና ዝተኻየደ ስራሕ ይካየድ ኣሎ። ብኻልእ ሸነኽ፡ ኣብዚ ከባቢ ዝተሰርሐ ኣብያተ ክርስትያን ከም ቀንዲ ኣብ ምሕላው ዝሰርሓሉ ዘለዉ ነዊሕ ስራሕ ዝሓትት ምዃኑ፡ ብተወሳኺ ዝመጽእ ዘሎ ንጥፈታት ኣብ ምፍጻም ዝገጥም ብድሆታት እውን ክፍታሕ ዘለዎ እዩ። ሓደ ካብቲ ብዙሕ ዘገድስ ጉዳይ ድማ፡ ኣብ ምስራሕ ከሎና ዝገጥመና ተርእዮታት ንምክትታል ምስ ሰብ ሞያ ብምርኻብ ንሰርሕ። ኣብ ጽቡቕ ናይ ሽርክነት ደረጃ ኣሎና። ኣብዚ እዋን እዚ ብዙሓት ኤርትራውያን ከኣ ብሞያ ስነጥንቲ ተዓጢቖም፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ከሰርሑ ዝኽእሉ ብቕዓት ኣጥርዮም ኣለዉ። ኣብ ቀጻሊ ድማ ኣብ ኩዕታ ዝጽመዱ ወገናት እናበዝሑ ክኸዱ እዮም። በዚ መሰረት፡ እቲ ዝቐጽል ስራሕ ንዝተፈላለዩ ክፍልታት ዝሳተፍዎ ሓፈሻዊ ኣበርክቶ ዝምልከት ናይ ሓባር ዕላማ ዘለዎ እዩ። ብሓፈሻ እቲ ዝኸይድ ዘሎ ስነፍልጠታዊ ዳህሳስን ምርምርን ግዜን ዓቕሊን ዝሓትት፡ ኣብ ወሽጢ ሓጺር እዋን ስለውጢ ክትርእየሉ ዘይትኽእል ምዃኑ ክንገልጽ ኣሎና”

ክትብል መብርሂኡ ዛዚሙ።

ካብ ኮምሽን ባህሊን ስፖርትን ጨንፈር ምርምር ስነጥንታዊ ወርሻ ዝኾነ ኣወሃሃዲ ናይቲ ፕሮጀክት ዶ/ር ጸጋይ መዲን ድማ፡ ነቲ ፕሮጀክት ኣመልኪቱ ከምዚ ክብል ሞያዊ ሓበሬታ ሂቡና፦

“ዕላማ ናይ'ዚ ፕሮጀክት፡ ከም ኩሉ መርሓ ናይ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ምምዕባል ናይዛ ሃገር ዝተኮረ እዩ። በዚ መሰረት፡ ባህሊ እውን ሓደ ካብቲ ክምዕበል ዘለዎ ኣገዳሲ ጨኦታ ናይዛ ሃገር ከም ምዃኑ መጠን፡ መንግስቲ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ። ጽላት ባህሊ ኣብ ቻርተር ብንጹር ሰፊሩ ኣሎ። በዚ መሰረት ከኣ ኮምሽን ቅድሚ ምቛሙ ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ኤርትራ ምስ መሻርኽቱ ዝጀመሮ ንጥፈታት እዩ። እዚኦም ጥራይ ዘይኮኑ፡ ካልኦት ፕሮጀክቲታት እውን ኣለዉ። ንኣብነት፡ ኣብ 1994 ዝጀመረ ናይ ቡያ ፕሮጀክት ኣሎ። እዚ ናይ ኣዱሊስ ፕሮጀክት ንባዕሉ፡ ኣብ 2004-2005 ምስ ዩኒቨርስቲ ሳውዝሃምፕተን ብምትሕብባር ዝተሰርሐ ስርሓት ነይሩዎ። ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ክፋል ናይዛ ሃገር፡ ብፍሉይ ከኣ ኣብ ኣዱሊስ፡ ጨንፈር ምርምር ስነጥንታዊ ወርሻ ኣብ ተጨባጢ ባህላዊ ወርሻ ንጥፈታቱ ከካይድጸኒሑ። ምኽንያቱ፡ ኣዱሊስ ናይ ብዙሓት ሕብረተሰብ ባህሊ ኣብ ሓደ ቀጽሪ ዝርከበሉ ቦታ ስለዝኾነ። ብተወሳኺ፡ ፕሮጀክት ኣዱሊስ ነቲ ኣብዚ ዞባ ዝጸንሐ ታሪኽ ሕብረተሰብ ኤርትራ ክቕይር ናብ ዝኽእሉ መንገዲ ዝኸይድ ዘሎ፡ ልዑል ኣገዳሲነት ዘለዎ ፕሮጀክት እዩ።

በዚ መሰረት፡ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ንኣሽቱ መደባት ክቐጽሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 2011 ድማ እዚ ፕሮጀክት'ዚ ምስ ኢጣልያውያን መሻርኽቲና ብምትሕብባር ጀሚርናዮ። ዓመት መጸ ክኣ ካብ መፋርቕ ወርሒ ጥሪ ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ለካቲት ዝሽይድ ፕሮጀክት እዩ። እዚ ከኣ ምስ ኤርትራውያን መሻርኽቲ ብምትሕብባር ዝሰላሰል ዘሎ መደብ እዩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ማእከል ናይ ትምህርቲ ጊደርና እንጥቀመሉ ባይታ'ውን እዩ። ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስቲ ዝመጽኡናን ኾ'ውን ምሳና ኣብ ምስራሕ ዝርከቡን መንእሰያት ድማ፡ ሓደ ኣብነት እዮም። እዚ ፕሮጀክት፡ እዞም መንእሰያት ቅድሚ ኮሎጅ ምውዳኦም ዝተማሰረተ እዩ። እንተኾኑ፡ ትምህርቶም ዛዚሞም ድሮ ናብቲ ፕሮጀክት ብምጽንባር፡ መራሕቲ መደብን መጸናዕትን ኮይኖም ዝሰርሑ ኢጋጣሚ እዩ ኩይኑ ዘሎ። ኣብዚ ፕሮጀክት'ዚ፡ ብቐጻሊ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ዘይውሕዳ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ይሳተፋኦ ብምህላወን፡ እዚ ፕሮጀክት ንኽልተኡ ጾታ ብማዕረ ኣሳታፊ ይገብሮ። ስለዚ፡ ፕሮጀክት ኣዱሊስ ናይ ትምህርቲ ባይታ ዝፈጠረ መደብ ከም ምዃኑ መጠን፡ ኑዩም ኣብዚ ዞባ ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ጥራይ ዝርከቡ ኣባላት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ጥራሕ ዘይኮኑ፡ እንተላይ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ኣብ ትሕቲ ኮምሽን ባህሊን ስፖርቲን ተመዲቦም ዝሰርሑ ዘለዉ ሰራሕተኛታት እውን ክነጸ ታሪኽ ምፍላጥን ምስፍናድን ማእከል ትምህርቲ ኮይኑ የገልግል ብምህላዉ፡ ኣገዳሲነቱ ልዑል ይገብሮ።

ራኢ ናይዚ ፕሮጀክት፡ ሓቀኛ ታሪኽ ሕብረተሰብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከምዝጸሓፍን ከምዝሰነድን ንምግባር እዩ። ልዕሊ ኹሉ ከኣ፡ ናይ ወዲ-ሰብ ታሪኽ ንምልላይ ተመኪሮ ንምድላብ፡ ባይታን ኩነታትን ንምፍጣር እዩ።

ኣዱሊስ ተደኩኑሉ ዝርከብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ህዝቢ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ኣተኪሩ ንጥፈታት ዘካይደሉ ከባቢ እዩ። በዚ መሰረት፡ ዶ/ር ጸጋይ፡ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ'ዚ ታሪኻዊን ጥንታዊን ቅርሲታት ዝሓዘ ስፍራ ዝለዎ ርድኢት ወይ ንቕሓት ኣመልኪቱ ክገልጽ እንከሎ፡ “ብዋንቓሚ ናይዚ ፕሮጀክት ዝዋበር ሓደ ሓደ ንጥፈታት ኣሎ። ብሓፈሻኡ ግን እቲ ቡዓዚ ነገር ከም ዓውዲ፡ ምዕቃብ እዩ። ኣብዚ መዓይ ጸቒጥና ክንሰርሕ ኢና ከኣ ንደሊ። ብፍላይ እዚ ፕሮጀክት እቲ ዝዓበየ ብደሀታቱ፡ ንምዕቃቡ ኣብ ዝኡበሮ ንጥፈታት እዩ ። ከምዚ ትርእይዎ ዘለኹም ኣዱሊስ ኣብ እግሪ ናይ'ዞም ምብራቓዊ ኣጻድፍ ዝርከብ ከም ምዃኑ መጠን፡ ካብ ላዕሊ ዝመጽኡ ውሒዝ ኣብዚ ታሪኻዊን ጥንታዊን ኣሰራት ዓቢ ዕንወት ክፈጥሩ ጸኒሖምን ኣለዉን። ኣብ ጥንታዊ ኣሰራት ዕንወት ብኽልተ መንገዲ እዩ ዝኸስት። ሰብ ዘምጽኦ ሓደጋ ኣሎ፡ ባሕሪያዊ ሓደጋ ከኣ ኣሎ።



እዚኦም ኩሎም እዚ ታሪኻዊ ቦታ'ዚ ኣብ ሓደጋ ኣውዲቖሞ ካብ ዘለዉ ንጥፈታት እዮም። እዚ ኣብዚ ዘሎ ሕብረተሰብ፡ ብኣንጻሩ ደሓን ዝኾነ ኣፍልጦ ኣለዎ። ኣብ ምዕቃብ'ውን ዓቢ ተራ ይጻወት እዩ። ብዘይፍላጥ ሓደ ሓደ ዝኻየዱ ንጥፈታት የለዉን ማለት ግን ኣይኮነን። እዚ ከኣ ምስ ምምሕዳራት እናተዛረብናን እናኣረምናን ንቕሓቶም ንምብራኽ ንጥፈታት ይካየድ እዩ። ብሹሉ ኣንፈት ክጥመት እንከሎ ግን፡ ነብርቲ ክልቲኡ ከባቢታት ዘሎኣን ኣፍታን ካብ ጥንቲ'ውን ጀሚሮም ንኣዱሊስ ከም ኣካል ታሪኽም ዓቢዩምዋ ክሹዱ ጸኒሖም እዮም። በዚ መሰረት፡ ምስ'ዚ ቦታ ዘለዎም ምትእስሳር ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ምዕቃብ ዓቢ ተራ ይጻወቱ ኣለው። እቲ ባህርያዊ ሓደጋታት ግን፡ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ጸገማት እዩ ኩይኑ ዘሎ። ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምትሕብባር፡ ኣብዚ ፕሮጀክት መሰረት ዝገበረ ትምህርታዊ ሓበሬታ ናብ ህዝቢ ናይ ምቕራብ ንጥፈታት ኣካይድ ነይርና ኢና። ሓደ ካብኡ፡ እቲ ንልዕሊ ኣርባዕተ ዓመታት ዝሸደ ኣብ ጋዜጣታት ንጽሕፎ ዝነበርና እዩ። ብሓፈሻ፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ክንጽሕ'ቲ ዜናዊ ሓበሬታ ዝሸደ ሓደ ሓደ ነገራት ክሰርሕ ተኻኢሉ እዩ። ምስ መሻርኽቲና ብምትሕብባር ዝዋበር ካልእ ንጥፈታት'ውን ኣሎ። ሓደ ካብኡ፡ ንእንታይነት ኣዱሊስ ብንጹር ዘረድእን ዝሽፍሸን ትሕዝቶ ዘለዎ መጽሓፍ ንምሕታም ኣብ ምድላው ንርከብ። ኣብ መወዳእታ፡ ኣዱሊስ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ - ናይ ታሪኽ ቀራዕ እዩ። እዚ ታሪኽ'ዚ ከኣ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን ምስቲ ጥንታዊን ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝነበርን ካልእ ህዝቢታት ዘራኽብ ስልጣኔ እዩ። ኣዱሊስ፡ ኣካል መንነት ሕብረተሰብ ናይዚ ከባቢ እዩ። ምስ ብዙሓት ስልጣኔታት ከኣ ዘራኽበና ዝነበረ ከም ምዃኑ መጠን፡ ንታሪኻዊ መንነትና ኣብ ሓደ ዓቢ ዓንኬል ኣእቲና ክንርእዮ ዘኽእል ሕመረት እዩ። ከም ሕብረተሰብ መጠን ኣብዚ ዘለናዮ ተጨቢጥና ንብር ነይርና ዘይተጋነነ ታሪኽና ምስ ኩሎም ካልኦት ሕብረተ-ሰብ የራኽብ ከም ዝነበረ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ስልጣኔ'ዚ ነዊሕ ዝሸደ ጽልዋኡ'ውን ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝንጸባረቐ እዩ። ንኹላትና'ውን ኣብ ሓደ ዝጥርንፈና እዩ። ብሓፈሻ፡ እቲ ኤርትራዊ መንነት ኣብዚ ክሕቆፍ ይኽእል። ኣነ ከምዝርድኦ፡ መንነት ክበሃል እንከሎ ኣብ ሱር ክጥመር/ክእሰር ክኽእል ኣለዎ። እቲ ብዙሕ ቋንቋ ይኹን ሃይማኖት ጸባቒ ደኣ'ምበር ፍልልይ ኣይኮነን። እዚ ‘diversity’ እዩ። እቲ መንነት ግና ኣብ ማእዶኡ/እግሩ ክእሰር ኣሎዎ ኢለ እየ ዝኣምን። እዚ ከኣ ሓደ ካብቲ ማእዶ መንነት ናይቲ ሕብረተሰብ እዩ። ኣዱሊስ ምስ ብዙሓት ሕብረተሰባትን ስልጣኔታትን ዘራኽብ ዝነበረ፡ ካብ ዓበይቲ ስልጣኔታት ናይ



ኢጣልያዊ ፓውሎ ላንፑግኒ

ቀርኒ ኣፍሪቃ እዩ። ንመንነትና ኣብ ዓለም-ለኻዊ ዓንኬል ዘጉልሕ ታሪኽ ብምዃኑ ድማ ፍሉይነት ኣለዎ። ብሓፈሻ፡ ኣዱሊስ ኣብ ምህናጽ ኤርትራዊ መንነት እምነ-መሰረት ዘንበረት ጥንታዊትን ታሪኻዊትን ወደብ እያ። ንምጥቕላል፡ ታሪኽ መንነት ከም ምዃኑ መጠን፡ ኣፍሲ-ወከፉ ዜጋ ታሪኹ ኣብ ምዕቃብ፡ ኣብ ምልላይ፡ ኣብ ምንጽብራቕ ኮነ ኣብ ምስትምቓር ተራኡ ክጻወት ከዘኻኽር እደሊ።”

እዚ ኩዕታ ዝመርሐ ዘሎ ኢጣልያዊ ክኢላ ስነጥንቲን ስነሰብን ፓውሎ ላንፑግኒ እውን ከምዚ ክብል ሓሳቡ ኣካፊሉና ነይሩ፦

“ኣብ ጥንታዊ ኣሰራት ኣዱሊስ ኣተኲሮ ገይርና ንካይዶ ዘለና ዳህሳስ፡ ከም ተኸታታሊ ዳይረክተር ናይዚ ፕሮጀክት ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። ኣብዚ ቦታ ምህላወይ ድማ፡ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ግዜ ኣገዳሲ እዩ ዘለገብሰኒ። እዚ ብልፍንታዊ ጸምዶ ኤርትራን ኢጣልያን እተኻይዶ ዘለና ስነጥንታዊ ኣሰራትን ቅርሲታትን ናይ ምርካብ ንጥፈታት፡ ገለ ተሰፋታት ክንረኽበሉ ክኢልና ኣለና። ኣዱሊስ ብዙሓት ክኢላታት ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜ ኩዕታ ዘካየዱላ ጥንታዊት ወደብ እያ። እዞም ሎሚ ኣብዛ ጥንታዊት ስፍራ ዳህሳስ ነካይድ ዘለና ክኢላታት ድማ፡ ካብቲ ቅድሚ ሎሚ ተበጺሑን ተዳህሲሱን ዘይፈልጥ ሓደሽቲ ነገራት ክንረኽብ ብምኽኣልና ፍሉይነት ኣለና።

ኣዱሊስ ዘይተም'ቲ ጽሑፋት ዝብልዎ ማእሊያ ዘይብሎም ንስነጥንታዊ ንጥፈታት እዚ ዞባ ዘመልክቱ ኣደናቒቲ ቅርሲታት ዝተረኽበላ ታሪኻዊት ቦታ እያ። ነቲ ኣብዚ ከባቢ ዝማዕበለ ስልጣኔታት ምስ ካልኦት ዓለም ከተራኽብ ዘኽኣለት ወደብ ብምዃና ከኣ ኣብ ስነጥንታዊ ምርምር ልዑል ኣስተዋጽኦ ኣለዋ።”

ይቕጽል







ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ራብዓይ ክፋል

ነዊሕ ምስ ተጓዕዙ ደው በሉ። ጽንሕ ኢሉ ናብታ ኣብ ጥቓኡ ዝነበረት ዓባይ እምኒ ከይዱ ኮፍ በለ። ኮፍ ኢሉ እንከሎ ኣብ ሓሳብ ጠሓለ። ንብይኑ ድማ ከምዚ በለ፡

"እንታይ ጸገም ኣለዎ ኣብ ጽርግያ መስተርሆት እንተኸድኩ!? ዋላ ሓንቲ ጸገም የብሉን። ናብ ጽርግያ መስተርሆት ምኻደይ ንዋላ ሓደ ሰብ እንድዒ የለኹን። ዝኾነ ህበይ ደስ ዝበሎ እንተገበረ እንታይ ጸገም ኣለዎ?" ክይተረድኦ ንብይኑ ዓው ኢሉ ተዛረበ።

ጽንሕ ኢሉ ካብ ኮፍ ዝበሎ ሓፍ ብምባል እናንየየ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ተበገሰ።

ኣበርቲዑ ስለዝንየየ፡ እናላህለሀ ኣብ ሩባ ርውየት በጽሐ። ሩባ ርውየት ቅድሚ ጽርግያ መስተርሆት እትርከብ ሩባ እያ።

ዳዉ፡ ካብ ሩባ ርውየት ክሳብ ዝረዊ ማይ ሰተየ። ማይ ይሕሪ ምስታዩ፡ እናንጠረ ጉዕዞኡ ቀጸለ፡ ናብ ጽርግያ መስተርሆት!!

ዳዉ፡ ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ኣብ ጽርግያ መስተርሆት በጽሐ። ኣብ ወሰን እቲ ጽርግያ ክበጽሕን ዓባይ ኣውቶቡስ ክትሓልፍን ሓደ ኰነ።

ዝጠዘሐ ኣብ ጥቓ መስኮት ናይታ ኣውቶቡስ ዝነበሩ ተጉዓዝቲ፡ ብመስኮት ተቐልቂሎም ነቲ ልሙዕ መሬትን ደስ ዝብል ጽርግያን ይዕዘቡ ነበሩ።

ዳዉ፡ ናብታ ኣውቶቡስ ብጉያ ብምብጻሕ ጉድኒ ጉድኒ እታ ኣውቶቡስ ክጎዪ ጀመረ።

ዝጠዘሐ ኣብታ ኣውቶቡስ ዝነበሩ ተጉዓዝቲ ንዳዉ ረእዮም። ናብኡ እናመልከቱ ድማ ክዛረቡ ጀመሩ።

ዳዉ ጉድኒ ጉድኒ እታ ኣውቶቡስ ምጉያዩ ቀጸለ። ገለ ዝብላዕ ክህቡዎ ብምሕሳብ ከኣ ኣብ ቅድሚኦም ከይዱ ኢዱ ዘርጊሑ ሃበ። ገለ ዘቢብ ከቀብሉ ዝኽእሉ ሰባት ግን ኣይነበሩን።

## ጽውጽዋይ

## ብጻዕርኻ ምንባር…

ንዳዉ ረእዮም። ናብኡ እናመልከቱ ድማ ክዛረቡ ጀመሩ።

ዳዉ ጉድኒ ጉድኒ እታ ኣውቶቡስ ምጉያዩ ቀጸለ። ገለ ዝብላዕ ክሀቡሉ በሃገ።

ኣብታ ኣውቶቡስ ዝነበረ ሓደ መንእሰይ፡ "እዚ ህበይ ክጽብቐ" ብምባል ኣብ እግሩ ዝነበረ ሳንጣ ክፍትሽ ጀመረ። ካብ ሳንጣኡ ክልተ ባናና ኣውጺኡ ናብ መስኮት ብምቕራብ ናብ ዳዉ ሰንደዎ።

ዳዉ፡ ብጉድኒ እታ ኣውቶቡስ ምጉያይ ኣቋሪጹ፡ ናብተን ዝተደርበያ ባናና ገጹ ጎየየ። ናብተን ክልተ ባናና ድማ በጽሐ። ካብ መሬት ኣልዒሉ ናብ ወሰን እቲ ጽርግያ ከደ። ኣብ ብርኽ ዝበለት ቦታ ኮይኑ፡ ተዛንዩ ነተን ክልተ ባናና በብሓደ ቀሪፉ በልዐን። በሊዑ ምስ ወድኣ፡ ብሓጎስ ብኽልተ ኣእጋሩ ደው ኢሉ ገዓረ።

ከባቢኡ እናተቐጻጸረ ከኣ፡ "ንጉስና ከምዚ ኢልና ተሓጒስና እንተነብርና እንታይ ጸገም ኣለዎ? ናብራ ዓዲ ካብዚ ዝጥዕም ኣይኮነን። ስለዚ ከምዚ ኢለ መቒሉኒ እንተነብርኩ ኣይሓይሸን!?" ዓው ኢሉ ንብይኑ ተዛረበ።

ገና ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ሰማያዊ ዝሕብራ ውቕብቲ ማኪና ኣብ ቅድሚኡ ቆመት።

"ሃየ እዚ ህበይ ርኣዮ ደስ ክብለካ" ሓንቲ ጽብቕቲ ጓል ማዕጾ ማኪና ከፊታ ወረደት። እታ ጓል ቀያሕ ኮይና፡ ኣብ ርእሳ ናይ ጸሓይ መከላኸሊ ዓቢ ቆብዕ ገይራ ነበረት።



ዳዉ፡ ነታ ጽብቕቲ ጓል ኣንስተይቲ እንታይ ሒዛ ከምዝላ ንኽፈልጥ ኣእዳዋ ጠመታ። ገለ ሒዛ ከምዝላ ገመተ። ካብቲ ዝነበሮ ብጥንቃቐ ቀረበ።

"እዋእ ገለስ ሒዛ ኣላ። ኣጸቢቐዶ ክቐርብ?" ዳዉ ምስ ነብሱ ተዛረበ። ካብቲ ዝነበሮ እናዘለለ ናብኣቶም ሰብት ቀረበ።

"ሃየ እዚ ህበይ ርኣዮ ደስ ክብለካ! በጃኻ ርኣዮ!" ናብቲ ድሮ ካብ ማኪና ወሪዱ ዝነበረ ካልኣይ ገጻ ቀሊሕ በለት።

"ኣዝዩ ጽቡቕ ህበይ እዩ! እንታይ ደኣ ሎምስ በይኑ?" እቲ ወዲ ነቲ ከባቢ እናፈተሸ ተዛረበ።

"ኣብዚ ከባቢ ብዙሓት ኣህባይ ኣለዉ?" እታ ጓል ብሓጎስ ኣኸመስመሰት። በዚ ጽርግያ ክትሓልፍ ሎሚ ፋልማያ እዩ።

"ኣዝዮም ብዙሓት ነይሮም። ሎሚ ግን ሓደ ጥራይ እርኢ ኣለኹ። ዘገርም ነገር'ዩ!" እቲ ወዲ ንህበይ ዳዉ እናጠመተ ተዛረበ።

ህበይ ዳዉ፡ ንኽልቲኦም በብተራ ሰሰራቘ እናጠመተ ገለ ክድርብዩሉ ብተርባጽ ተጸበየ። ስለ ዝደንጎይዎ ሓውሲ ኩረየ።

እታ ጓል ንህበይ ዳዉ ድምጺ ብምግባር፡ ካብቲ ሒዛቶ ዝነበረት ባኒ ደርበየትሉ።

ህበይ ዳዉ፡ እታ ጓል ዝደርበየቶ እንታይ ምኳኑ ንኽፈልጥ ናብቲ ዝተደርበየ ጠመተ። ባኒ ምኳኑ ርእዩ። ሕጉስ በለ።

እቲ ወዲ'ውን ካብቲ ዝሓዞ ባናና ሰለስተ ሓባ ንህበይ ዳዉ ደርበየሉ።

ዳዉ ነተን ባናና ኣተኩሩ ጠመተን። ብሓጎስ ካብቲ ዝነበሮ ነጢሩ ብምውራድ ናብተን ባንን ባናናን ቀረበ።

"ህበይ ብላዕ" እታ ጓል፡ እቲ ህበይ ከምዝሰምዓ ምልክት ናይ ምብላዕ ብምስናይ ተዛረበቶ።

ህበይ ዳዉ፡ ሕጂ'ውን ካብቲ ዝነበሮ ንኽልቲኦም እናሓለወ ቀረበ።

"ብላዕ ህበዩና፡ ኛ ኛ፡" እቲ ወዲ'ውን የማናይ ኢዱ ናብ ኣፉ እናቐረበ ንኽበልዕ ምልክት ገበረሉ።

ህበይ ዳዉ፡ ካብቲ ዝነበሮ ሕጂ'ውን ቀረበ። ንኽልቲኦም ተኸታተሎም።

እቲ ወዲ ኢዱ ናብ ጅባኡ ሰደደ።

**ይቕጽል**

## መልሲ ግድል ደደ

| | | | |
|---|---|---|---|
| 3 | 4 | 5 | 7 |
| 6 | 8 | 2 | 1 |

ብምድማር

8 + 1 = 9

3 + 2 = 5

ብምጉዳል

7 - 4 = 3

6 - 5 = 1

## ፍልልያት ርኸቡ

ፍቑራት ተመሃሮ፡ ኣብዘን ተቀሚጠን ዘለዋ ክልተ ስእልታት ዓሰርተ ፍልልያት ኣለዋ። ፍልልያት ድሕሪ ምርካብኩም ሕብሪ ግበሩለን።






ኣብዚኣ ቀረጽዋ

## ውድድር ተርሙማ

ቁጽሪ - 9



ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብፍላይ ዓምዲ 'ተርሙማ'፡ 'ውድድር ተርሙማ' ንሻሙናይ ግዜ ኣካይድና ምንባርና ይዝከር። ሎሚ ድማ ታሽዓይ ውድድር ኣዳሊና ኣለና። ኩሉ ተመሃራይ ክሳተፍ ንዕድም። ቀዳሞት ዓሰርተ ዕዉታት ዝተዳለወሎም ሽልማት ስለዘሎ ክሽለሙ ምኳኖም ንሕብር። መልሲ ኣብ ጋዜጣ እንተዘይኮይኑ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምስዳድ ኣይፍቀድን። ስለዚ፡ ኣብዛ ሕቶታት ሒዛ ዘላ ጋዜጣ መልሲ ብምጽሓፍ ነዛ ጋዜጣ ክትሰዱልና ንሕብር። ድምሳስ ዝበዝሖ ቅቡል ኣይከውንን። መልሲ ብጾስታ ይስደድ። ኣድራሻ፡ ቍ.ሳ.ጾ 4336 ኣስመራ ኤርትራ እዩ። መልሲ ክሳብ ዕለት 30-03-2024 ክበጽሕ ኣለዎ። ሰናይ ውድድር!!

ስም፡ ______________________

ቤት ትምህርቲ፡ ______________ ክፍሊ፡ __________

ኣድራሻ፡ ______________ ዞባ፡ __________

ሞባይል፡ ______________

### ሀ. ሕቶታት ብዛዕባ ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና

1. ቀዳመይቲ ፕረዚደትን ሃ.ማ.ደ.ኤ መን ትበሃል?
   መልሲ፡ ______________________
2. 'እቶም ኣእማን'ውን ይነዱ ኣለዉ፡' ዝበለት ሓርበኛ መን እያ?
   መልሲ፡ ______________________
3. ቀዳመይቲ ናይ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ጋዜጠኛ ጓል ኣንስተይቲ መን እያ?
   መልሲ፡ ______________________
4. ቀዳመይቲ ኤርትራዊት ተቐዳዳሚት ብሽክለታ መን ትበሃል?
   ሀ. ሩት ምስግና    ለ. ሂወት ገብረ    ሐ. ሂሩት ገድሉ
5. ቀዳመይቲ ተዓዋቲት ዙር ኤርትራ ደቂ ኣንስትዮ 2004 መን እያ?
   ሀ. ሂሩት ገድሉ    ለ. ሱዚ ዳኒ    ሐ. ትምኒት ሓየሎም

### ለ. ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ


1. ቀዳመይቲ መጽሄት ህዝባዊ ግንባር እንታይ ትበሃል ነይራ?
   መልሲ፡ ______________________
2. መንግስቲ ኢትዮጵያ ንባንዴራ ኤርትራ መዓስ ዕለት፡ ወርሒ፡ ዓመተ ምህረት ኣውረዳታ?
   መልሲ፡ ______________________
3. 'መንግስቲ ኤርትራ' ዝብል ስም መዓስ ናብ 'ምምሕዳር ኤርትራ' ተለዊጡ? ዕለት፡ ወርሒ፡ ዓመተ ምህረት ጽሓፉ?
   መልሲ፡ ______________________
4. ኣብ 1937 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንኢጣልያዊ 'ግራዝያኒ' ብቦምባ ዘቑሰሉ ኤርትራውያን መን መን እዮም?
   መልሲ፡ ______________________
5. ኣብ 'ካራቺ -ፓኪስታን' ነፋሪት ኢትዮጵያ ኣቃጺሉ ንሜዳ ዝተሰለፈ ሓርበኛ መን እዩ?
   መልሲ፡ ______________________

### ሐ. ሕቡእ ቁጽሪ ርኸቡ?

ሀ

| | | |
|---|---|---|
| 4 | 9 | 20 |
| 8 | 5 | 14 |
| 10 | 3 | |

ለ




### መ. ምስላታት መልኡ

1. ምስጢር ካብ ቤት፡ __________ ካብ ጉረቤት።
2. ሰማይ ኣይግመት፡ __________ ኣይእመት።
3. ሲጋዕ ዘላቶ __________ ይልቃሕ።
4. ደላይ __________ ብምሽቱ፡ ደላይ እኽሊ ብብጊሓቱ።
5. ሽማግለ ከም ዝኾነሉ፡ __________ ስርዓት ይሕሉ።

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን

መድሃኔ ጸጋይ

# ኣገዳስነት ምዕቃብ ሓመድን ማይን

*“ምዕቃብ ሓመድ፡ ነቶም መሰረት ህይወት ዝኾኑ ባእታታት ሓመድ ምክንኻን ወይ ምምጋብ ማለት'ዩ”*



ኣቶ ዳዊት መብራህቱ

ኣብ ናይ ሎምን ዝሰዕቡ እንግዶታትን ናይ ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ፡ ንስነ-ፍልጠታዊ ሓቅታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገርና ንዘለዎ ወድዓዊ ኩነታት ዝድህሰስ ትሕዝቶ ነቕርበልኩም። ኣብ'ዞም ዛዕባታት ኣመልኪቱ መብርሂ ዝሃበና፡ ኣብ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ከም ሓላፊ ኣሃዱን ክኢላን ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኰይኑ ዝሰርሕ ኣቶ ዳዊት መብራህቱ እዩ። ዝሃበና መብርሂታት ይስዕብ፤ ሰናይ ንባብ።

### *ብዛዕባ ምዕቃብ ሓመድን ማይን*

- ህላወ ህይወታውያን ኣብ ህላወ ሓመድን ማይን ስለዝምርኮሰ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምዕቃብ ኩላቶም ህይወታውያን እውን ማለት'ዩ። ሓመድ ሓደ ካብ'ቶም ንቐጻልነት ህይወታውያን ወሰንቲ ዝኾኑ ቀንዲ ነገራት እዩ። ሓመድ መብቀሊ ኣትክልቲ፣ መዐቀብን መኽዘንን ማይ፣ ቀጻልነት ቀረብ ማይ ዘውሕስ፣ ከምኡ'ውን ሚዛን ትሕዝቶ መሬት ዘትሕዝ፡ ባይታ ህይወታውያን እዩ። “ሓመድ መብቀሊ ኣትክልቲ እዩ” ክንብል እንከለና፡ ብሱላት ኣእካል፡ ጥረታት፡ ናይ ቀብኢ ዘራእቲ፡ ኣሕልምትን ፍረታትን ንዝፈርዩሉ፡ ከምኡውን ኩላቶም ዕጽዋት (ሳዕርታት፡ ቆጥቋጣትን እግራብን) እንስሳታት ምስተመገብዎም ጸባ፡ ማዓር፡ እንቋቑሖን ስጋን ንእንረኽበሉ መሰርሕ ዘጠቓልል እዩ። ስለዚ ህላውነት ናይ ብዝግባእ እተዓቀበ ሓመድ፡ ነቲ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣነጺርናዮ ዘሎና ሽቶ “ውሑስ መኣዛዊ መግቢ፡ ንኹሉ ኣብ ኩሉ” ኣብ ምርግጋጽ፡ ቀንድን መሰረታዊ ባይታን እዩ። ሓመድና መኽዘን ማያትና ስለዝኾነ፡ ከይዓቀብናዮ ህላወና ኰነ ህላወ ካልኦት ህይወታውያንን ከነውሕስ ዝከኣል ኣይኮነን። ስለዚ ውሕስነትን ቀረብን መግቢ፡ ከምኡ'ውን ኣከባብያዊ ሕውየት ክረጋገጽ እንተኾይኑ፡ ምንጪ ቀረብን፡ መኽዘንን መጻረዩን ማያትና፣ ብዓቢኡ ኸኣ መብቀሊ ኵላቶም ዕጽዋት ንዝኾነ ሓመድና ክንከናኸኖን ክንዕቅቦን ይግባእ።

### *እቶም ቀንዲ ጠንቅታት ምብሕጓጉን ምድካም ትሕዝቶን ሓመድ*

1. ሓይሊ ዝናብን ዝፈጥሮ ወሕጅን
2. ንፋስ (ሸፈነ ዕጽዋት ኣብ ዘይብሎም መላጣት ቦታታት፡ ንሓመድ ተሰኪሙ ስለ ዘግዕዞ)
3. ዘይስሩዕ ቅርጺ መሬት (ጸዳፍን ኣታውን-ወጻኣን ዝበዝሖም ቦታታት፡ ከምኡ'ውን ጎቦታትን ስንጭሮታትን ግቡእ ምክንኻን ምስዘይግበረሎም ናብ ፍግረ-መሬት ይቃልዑ)
4. ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ደቂ-ሰብ (ምብራስ ኣግራብ፡ ልዕለ-ምግሃጽ ብእንስሳታት፡ ብዘይ ዕረፍቲ መሬት ምሕራስ፡ ዘይውሑስ ኣጠቓቕማ መሬት፡ ዕደናን ምስፍሕፋሕ ከተማታትን)
5. ክሊማዊ ለውጢ (ክንቆጻጸሮ ዘይክኣእል ክሊማዊ ለውጢ፡ ናብ ምብሕጓጉ ሓመድ የቃልዕ። ከምኡውን ሓመድ ኣብ ጊዜ ልምዓት ሕርሻ ግቡእ ምክንኻን ምስዘይረክብ፡ ብሰንኪ ዝኽሰት ዘሎ ክሊማዊ ለውጢ፡ ትሕዝቶኡ ናይ ምጥፋእ ተኽእሎ ብ100 ዕጽፊ ዝተጋደደ ይኸውን)
6. ተፈጥሮኣዊ ረጃሒታት (ንፋስን ማይን)፦ ወሓዚ ማይ ብመጠን ዝህልዎ ሓይልን ብዝሕን፡ ምስ'ቶም ቀንዲ ጠንቅታት ናይ ምብሕጓጉ ሓመድ እዩ ዝሰራዕ። ንፋስ፡ ሓመድ ናብ ርሑቕ ቦታ ዝግዕዘሉ ጠንቂ ምዃኑ እውን ክዝንጋዕ ኣይግባእ።

### *ምዕቃብ ሓመድ፣ ኣብ ንጥፈታት ሕርሻን ኣብ ኣከባብን ንዘለዎ ጠቕሚ*

1. ጽልዋ ምዕቃብ ሓመድ ኣብ ንጥፈታት ሕርሻ በዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ብሓጺሩ ክግለጽ ይከኣል።
- ፍርያምነት ሓመድ የሰስን፦ ትሕዝቶ ሓመድ ምዕቃብ፡ ንጥዕና ሓመድን ፍርያምነቱን ክብ የብል። ጥዕናኡ እተሓለወ ሓመድ ድማ ዘራእቲ ንምብቋል ሓጋዚ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ቀጻልነትን ውሕስነትን ምህርቲ ሕርሻ የውሕስ።
- ተርእዮታት ምብሕጓጉ ሓመድ የጉድል፦ ፍግረ-መሬት፡ ብሰንኪ ማይን ንፋስን፡ እቲ ፍራያም ዝኾነ ላዕለዋይ ቀጸላ ሓመድ ዝኽሰረሉ ተርእዮ ስለዝኾነ፡ ከም ክንጸት ዛላታት ዝኣመሰሉ ሜላታት ምዕቃብ ሓመድ ብምጥቃም፣ ኮንቱር (ቅናታዊ ዛላ) ተኸቲልና ብምሕራስ፣ ከምኡ'ውን ምቅይያር ዘራእትን ሸፈነ ዘራእትን ኣብ ተግባር ምውዓል፡ ንፍግረ-መሬት ክንከላኸሎን ንመሬት ሕርሻና ውሑስ ክንገብሮን ንኽእል።
- ትሕዝቶ ማይ የሰስን፦ ብግቡእ እተዓቀበ ሓመድ እኹል ጠሊ ስለዝሕዝ፡ ካብ ዘይተደልየ ሃልኪ ማይ መሰኖ የድሕን። ውሕሉል ኣጠቓቕማ ማይ ንኽህሉ ስለዘተባብዕ ከኣ ንምህርቲ ዘራእትና ብእወታ ይጸልዎ።
- ካብ ምግዓዝ ባእታታት ሓመድ የድሕን፦ ከም ናይትሮጅን፡ ፎስፎረስን ፖታሲየምን ዝኣመሰሉ ባእታታት ሓመድ ከይግዕዙ ይከላኸል። ህጡር ትሕዝቶ ካብ ዘለዎ ሓመድ ድማ ዘርብሕ እቶት ክርከብ ይከኣል።
2. ጽልዋ ምዕቃብ ሓመድ ኣብ ኣከባቢ፡ ምዕቃብ ሓመድ፡ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ምምካት ልዑል ተራ ይጻወት፦ ጥዕና ዘለዎ ሓመድ ካርቦን ይዕቅብ (carbon sink)። ሓመድ፡ ካብ ጠፈር ካርቦን-ዳይ-ኦክሳይድ ኣዋህሊሉ ብምዕቃብ፡ ምብሕጓጉ ሓመድ ብቐሊሉ ከይክሰት ይከላኸል። በዚ ድማ ኣብ ዓለም-ለኻዊ ክሊማዊ ለውጢ እወታዊ ጽልዋ ይፈጥር።
- ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ኣብ ምዕቃብ ኣገዳሲ ተራ ይጻወት፦ ሓመድ ጽላል ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት እዩ። ካብ ሓሰኻ-ደምበ ክሳብ እቶም ዝደቀቑ ኣገደስቲ ስነ-ህይወታውያን (micro-organisms)፡ ብዛዕባ ምርግጋጽ ህላዌና ኣገደስቲ ምዃኖም ክፍለጥ ይግባእ። ምዕቃብ ሓመድ፡ ነዞም ህይወታውያን ንዘጠቓለለ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ብምትብባዕ፡ ሚዛን ስርዓተ-ማሕድሮ-ህይወታውያን ከምዝሕሎ ይገብር።
- ካብ ምስፍሕፋሕ ምድረ-በዳነት ይከላኸል፦ ምዕቃብ ሓመድ፡ ምስፍሕፋሕ ምድረ-በዳነት ኣብ ምብጻህ ወሳኒ ዕማም እዩ።
- ምብሕጓጉ ሓመድ ንምቊጽጻር ዝሕግዝ ዓቢ ረጃሒ እዩ፦ እተዓቀበ መሬት ተገሚዑ ከይወድቕ ይከላኸል፣ ውሕስነት ትሕተ-ቕርጽታት ኣብ ምርግጋጽ ሓጋዚ እዩ፣ ከምኡ'ውን ምዕቃብ ቅርጽታት መሬት የተባብዕ።
- ብቕዓት ማይ የመሓይሽ፦ ሓመድ ባህርያዊ መጻረዪ ማይ እዩ። በከልቲ ዝኾኑ ባእታታት ናብ ትሕተ-ባይታኣዊ ጽፍሒ ቅድሚ ምብጽሖም ኣጻርዩ የዘትርፎም።
- ባህርያዊ መዕቆቢ ህይወታውያን (Natural Habitat) የውሕስ፦ ሓመድ፡ ብዝተፈላለዩ መገድታት፡ መዕቆቢ ናይ ታእላው ዘይብሎም ዓሌታት ህይወታውያን እዩ።
- ዘላቒ ኣጠቓቕማ መሬት የውሕስ፦ ምዕቃብ ሓመድ፡ ንመሬትና ብውሕስነት ክንጥቀመሉ የኽእለና። ንመጻኢ ዕድል ወለዶታት ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ብዘየእቱ መገዲ፡ እንደልዮም ረብሓታት ክንረክብ ሓጋዚ'ዩ።

### *ልምዳውን ዘበናውን ሜላታት ምዕቃብ ሓመድ*

- ትግባረ ዘበናውን ባህላውን ሜላታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት ሕርሻን ኣከባብን ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። ንባህላውን ዘበናውን ሜላታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዝምልከቱ ዝርዝራትን ሓጸርቲ መግለጺታትን ንርአ።
- ምስራሕ ዛላ፦ ትሪ-ዓቐብ ብምጒዳልን ንዋሕዚ ማይ ብምዝሓልን፡ ማይ ናብ ከርሲ መሬት ንኽሰተ ዕድል ይፈጥር።
- ምስራሕ ከትሪ፦ ኣብ መገዲ ማይን ሩባታትን ዝስራሕ ኮይኑ፡ ናህሪ ዝውሕዝ ማይ ብምዝሓል፡ ድበት ናብ ማያት ከይኣቱ ይከላኸል። ከትሪ፡ ብእምንን ዕንጸይትን ክህነጽ ዝከኣል ኰይኑ፡ ብዕንጸይቲ ዝስራሕ መከላኸሊን መእለዪ ውሒዝን፡ ኣብ መታሕት ኤርትራ “ዓግም” ተባሂሉ ይጽዋዕ።
- ብመስመር ምሕራስ፦ ኣንጻር ኣንፈት ተፋሰስ ማይ ብመስመር ምሕራስ፡ ማይ ይዕቅብን ምብሕጓጉ ሓመድ የወግድን።
- ምቅይያር ዘራእቲ፦ ምቅይያር ዘራእቲ፡ ትሕዝቶ ሓመድ መሊሱ ንኽህብትም፡ ማለት መሬት ንኸይደኪ ሓጋዚ እዩ።
- ምጽጋእ፦ ንመሬት ካብ ማሕረስ ብምዕራፍ፡ ብባዕላዊ ወይ ተፈጥሮኣዊ መገዲ ከምዝሕደስ ምግባር።
- ዘውታሪ ዘራእቲ ዋህራር፦ ክልተ ዓይነት ዘርኢ ሓዋዊስካ ብምዝራእ፡ ጥዕና ሓመድ ከምዝረጋገጽን ጸቕጢ ተጻባእቲ ባእታታት ከምዝጐድልን ምግባር። ጥረታትን ካልኦት ኣእካልን ክንጥቀም ንኽእል ኢና፤ ኣብነት ኣዳጉራን ዕፉንን።

ኣብ ቅርጻዊ ህንጸት (Physical Structures) ዝተኰረ ዘበናዊ ምዕቃብ ሓመድን ማይን እውን፡ ብሓመድን እምንን ኣብ ዝህነጹ ዛላታት፡ ከትርታትን ቅናታዊ ዛላታትን ኣለውዎ። እቲ ፍልይ ዝብሎ ነገር፡ ኣንጻር ተፋሰስ፡ ብመሳርሒ፡ ማለት ብሊቨሎን ገመድ ሬንጅ-ፖልን፡ ብግቡእ ስለዝስራሕ እዩ። ከም ዘበናዊ ሜላታት ምዕቃብ ሓመድን ማይ ዝውሰዱ፡ ገለ ሕርሻዊ ኣገባባት'ውን ኣለዉ፦ ቦታታት ሓዚእካ ትሕዝቶ ሓመዱ ብባህርያዊ መገዲ ከምዝህብትም ምግባር፣ ብቅናታዊ መስመር ምሕራስ፣ ሳዕሪ ብመስመር ብምዝራእ፡ ሓመድ ብትሕዝቶ ከምዝህብትምን ኣብ ቦትኡ ከምዝዕቀብን ምግባር (ንኣብነት፡ ሸቲሸር ወይ ካልእ ዓይነት ሳዕሪ ምዝራእ ይከኣል)።

### *ሓረስቶትን ካልኦት ወነንቲ መሬትን ኣብ ምዕቃብን ምሕደራን ሓመድ ክጻወትዎ ዝግባእ ሃናጺ ተራ*

- ጥቁዋት ሓረስቶት ኣብ'ዚ መዳይ ንዝጻወትዎ ልዑል ተራ ብዝርዝር ንመልከት፦
1. ምስ ምሕደራ ሕርሻ ኣትክልትን እንስሳታትን ብዝተኣሳሰር፦
- ሓረስቶት ንብዛዕባ ዝነጥፉሉ ዓውዲ ስነ-ዘራእቲ ድዩስ ስነ-እንስሳ ዓሚቝ መረዳእታ ክህልዎም ይግባእ
- ኣብ ወቕቲ ዘራእቲ ብውሑስን ውሕሉልን ኣገባብ ብምዝራእን ብምልማዕን ምህርቲ ክእክቡ
- ኣብ ምሕደራ ኣንስሳ፡ ኣብ ምድላው መግቢ፡ ማይን መጽለልን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ብውሕስነት ክነጥፉ

2. ኣብ መዳይ ምሕደራ መሬትን ጸጋታቱን ድማ፦
- ሓመድ፡ ማይን ህይወታዊ ብዙሕነትን ብዝዕቀበሉ ውሕስነት ኣገባብ መሬቶም ከመሓድሩ
- ሓረስቶት ምቅይያር ዘራእቲ ብምዝውታርን ጥረታት ብምዝራእን፡ ንተጻባእቲ ባእታታት ብምድኻም፡ ጥዕና ሓመድ የውሕሱ
- ስሉካ ተጠቒሞም (ዘርኢ ኣብ ቀረባ ዕምቈት ሓመድ ንምድፋን)ን መሬት ከየማዛበሉ ብመጠን ሓሪሶም (minimum tillage)ን ፍግረ-መሬት ይከላኸሉ፤ ብቕዓት ሓመድ'ውን የረጋግጹ

3. ገንዘብ ብግቡእ ምምሕዳር
- ውሕሉል ኣተሓሕዛ ገንዘብ ብምጥቃም፡ ንሕርሻኦም ኣርባሒ ከምዝኸውን ገይሮም የማሓድርዎ
- ወነንቲ መሬት፡ ውሑስን ቀጻልን ረብሓታት ንኽረኽቡ፡ ብጥንቃቐን ሓላፍነትን መሬቶም የማሕድሩ።

* ምዕቃብ ሓመድ፡ ነቶም መሰረት ህይወት ዝኾኑ ባእታታት ሓመድ ምክንኻን ወይ ምምጋብ ማለት'ዩ። ጥዕና ሓመድ ብምቕዳም፡ ውሕስነት መግብና ነረጋግጽ። ስርዓተ-ማሕድሮ-ህይወታውያን ንዓቅብ። ኩሉ እንገብሮ ጻዕሪ፡ ንሃለዋት ፕላኔትና ናብ ንቡር ኣብ ምምላስ ቀሊል ዘይኩነ ኣበርክቶ ኣለዎ።

... ይቕጽል



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ፡ ማእከል፡ ኣብ፡ ናይ፡ 2023/2024፡ ዓመት፡ ትምህርቲ፡ ኣብ፡ ስፖርታዊ፡ ንጥፈታት፡ ንመባእታ፡ ማእከላይን፡ 2ይን፡ደረጃ፡ ሽልማት፡ ኣብያተ፡ ትምህርቲ፡ ናይ፡ ማልያ፥ ማዳልያ፥ ዋንጫ፥ ኩዕሶን T-Shirt ፡ብልጫ፡ ኣጫሪቱ፡ ክዕድግ፡ ስለዝደለየ፡ ሕጋውያን ተጫረትቲ፡ ይዕድም።

### 1.ንሽልማት መባእታ ደረጃ

| ተ.ቁ. | ዓይነት ንብረት | ዓይነት ውድድር | መግለጺ | ደረጃ ዓቐን | ንጽል ብዝሒ | ጠ/ብዝሒ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ማልያን ቁምጣን | ኩዕሶ እግሪ | 4 ምሉእ ዕጥቂ | ንእሽቶ(S) | 4 x 12 | 48 |
| 2 | ማልያን ቁምጣን | ኣትለቲክስ | | ንእሽቶ(S) | | 18 |
| 3 | ማልያን ቁምጣን | ያታዊ ስፖርት | | ንእሽቶ(S) | | 15 |
| 4 | ማዳልያ | ኩዕሶ እግሪ | ወርቂ፡ ብሩር፡ ነሓስ | | 6 x15 | 90 |
| 5 | ማዳልያ | ኣትለቲክስ | ወርቂ፡ ብሩር፡ ነሓስ | | | 18 |
| 6 | ማዳልያ | ያታዊ ስፖርት | ወርቂ፡ ብሩር፡ ነሓስ | | | 15 |
| 7 | ኩዕሶ | ኩዕሶ እግሪ ቁ. 3 | ንህጻናት ዓቐን | ቁ.3 | | 15 |
| 8 | ዋንጫ | ያታዊ ስፖርት | | ንእሽቶ(S) | 2 x 1 | 2 |
| 9 | ዋንጫ | ስንኩላን (ውድድር) | | ንእሽቶ(S) | 4 x 1 | 4 |
| 10 | ማልያ | ስንኩላን (ውድድር) | | ንእሽቶ(S) | 4 x 12 | 48 |
| 11 | ማልያ | ዓይነ ስዉራን | | ንእሽቶ(S) | 3 x 10 | 30 |
| 12 | ዋንጫ | ዓይነ ስዉራን | | ንእሽቶ(S) | 2 x1 | 2 |
| 13 | ማዳልያ | ስንኩላን | | | 20 x 3 | 60 |

### 2. ንሽልማት ማእከላይ ደረጃ

| ተ.ቁ. | ዓይነት ንብረት | ዓይነት ውድድር | መግለጺ | ደረጃ ዓቐን | ንጽል ብዝሒ | ጠ/ብዝሒ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ማልያ | ኩዕሶ እግሪ | | ንእሽቶ(S) | 4 x 12 | 48 |
| 2 | ማልያ | ኩዕሶ መርበብ | | ማእከላይ(m) | 5 x 12 | 48 |
| 3 | ማልያ | ኩዕሶ ሰኪዔት | | | 6 x 12 | 48 |
| 4 | ማልያ | ኣትለቲክስ | | | | 80 |
| 5 | ማልያ | ሰደቓ ቴንስ | | | 3 x 4 | 12 |
| 6 | ማልያ | ባይታ ቴንስ | | | 3 x 4 | 12 |
| 7 | ማልያ | ባድሚንተን | | | 3 x 4 | 12 |
| 8 | ማልያ | ቸዝ | | | 3 x 6 | 18 |
| 9 | ኩዕሶ | ኩዕሶ እግሪ | | ቁ.4 | | 20 |
| 10 | ኩዕሶ | ኩዕሶ መርበብ | | | | 15 |
| 11 | ኩዕሶ | ኩዕሶ ሰኪዔት | | | | 15 |
| 12 | ማዳልያ | ኩዕሶ እግሪ | | | | 80 |
| 13 | ማዳልያ | ኩዕሶ መርበብ | | | | 80 |
| 14 | ማዳልያ | ኩዕሶ ሰኪዔት | | | | 80 |
| 15 | ማዳልያ | ኣትለቲክስ | | | | 80 |
| 16 | ማዳልያ | ብሽክለታ | ወርቂ፡ ብሩር፡ ነሓስ | | 12 x 3 | 36 |
| 17 | ማዳልያ | ሰደቓ ቴንስ | | | | 12 |
| 18 | ማዳልያ | ባይታ ቴንስ | | | | 12 |
| 19 | ማዳልያ | ባድሚንተን | | | | 12 |
| 20 | ቸዝ | | | | | 18 |
| 21 | ዋንጫ | Bsll Games | | ዓበይቲ | | 10 |
| 22 | ዋንጫ | Cycling/athletic | | ማእከላይ | | 10 |
| 23 | ዋንጫ | Indoor Games | | ንእሽቶ | | 10 |

### 3. ንሽልማት ንካልኣይ ደረጃ

| ተ.ቁ. | ዓይነት ንብረት | ዓይነት ውድድር | መግለጺ | ደረጃ ዓቐን | ንጽል ብዝሒ | ጠ/ብዝሒ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ማልያ 11-15 | ኩዕሶ እግሪ | | ማእከላ(m) | 2 X 18 | 36 |
| 2 | ማልያ16 ልዕሊኡን | ኩዕሶ እግሪ | | ዓቢ(L) | 2 X 18 | 36 |
| 3 | ማልያ | ኩዕሶ መርበብ | | | 2 X 12 | 24 |
| 4 | ማልያ | ኩዕሶ ሰኪዔት | | | 2 X 12 | 24 |
| 5 | ማልያ | ኩዕሶ ኢድ | | | 2 X 12 | 24 |
| 6 | ማልያ | ቸዝ | | | 3 X 4 | 12 |
| 7 | ማልያ | ኣትለቲክስ | | ማእከላይ(m) | | 100 |
| 8 | ማልያ | ሰደቓ ቴንስ | | | 3 X 4 | 12 |
| 9 | ማልያ | ባይታ ቴንስ | | | 3 X 4 | 12 |
| 10 | ማልያ | ባድሚንተን | | | 3 X 4 | 12 |
| 11 | ማልያ | ቸዝ | | | 3 X 6 | 18 |
| 12 | ማዳልያ | ኩዕሶ እግሪ | ወርቂ፡ ብሩር፡ ነሓስ | 76/76/76 | 76 x 3 | 228 |
| 13 | ማዳልያ | ኩዕሶ መርበብ | ወርቂ፡ ብሩር፡ ነሓስ | 26/26/26 | 26 x 3 | 78 |
| 14 | ማዳልያ | ኩዕሶ ሰኪዔት | ወርቂ፡ ብሩር፡ ነሓስ | 26/26/26 | 26 x 3 | 78 |
| 15 | ማዳልያ | ኩዕሶ ኢድ | ወርቂ፡ ብሩር፡ ነሓስ | 26/26/26 | 26 x 3 | 78 |
| 16 | ማዳልያ | ኣትለቲክስ | ወርቂ፡ ብሩር፡ ነሓስ | 33/33/33 | (33x3)+1 | 100 |
| 17 | ማዳልያ | ማውንተን ባይክ | | | 3 x 4 | 12 |
| 18 | ማዳልያ | ሰደቓ ቴንስ | | | 3 x 4 | 12 |
| 19 | ማዳልያ | ባይታ ቴንስ | | | 3 x 4 | 12 |
| 20 | ማዳልያ | ባድሚንተን | | | 3 x 4 | 12 |
| 21 | ማዳልያ | ቸዝ | | | 3 x 6 | 18 |
| 22 | ኩዕሶ | ኩዕሶ እግሪ | | ቁ.4 | | 20 |
| 23 | ኩዕሶ | ኩዕሶ እግሪ | | ቁ.5 | | 20 |
| 24 | ኩዕሶ | ኩዕሶ መርበብ | | Mikasa | | 15 |
| 25 | ኩዕሶ | ኩዕሶ ሰኪዔት | | Spalding | | 15 |
| 26 | ኩዕሶ | ኩዕሶ ኢድ | | | | 15 |
| 27 | ዋንጫ | Ball Game | | ዓበይቲ | | 8 |
| 28 | ዋንጫ | Ball Game | | ማእከላይ (m) | | 2 |
| 29 | ዋንጫ | Athletic & Cycling | | ማእከላይ( m) | | 6 |
| 30 | ዘዋሪት ዋንጫ | ጉብለል | | ኣዚዩ ዓበይቲ | | 4 |
| 31 | | Indoor | | ንእሽቶ(S) | | 12 |
| 32 | T-Shirt (ማልያ) | | ንዕዉታት መማህራን ኣብ ኩሉ | | | 40 |
| 33 | T-Shirt | ንኮሚቴ ኣብ ፈስቲቫል መዛዘሚ ብፍሉይ ዲዛይን ሎጎ ስም ዞባ ዘለዎ | | | | 50 |

### ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

1.ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን 2022 ክሊራንስን ናይ ታሲራ ፎቶ ኮፒ የቕርቡ።

2.ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን ተመላሲ ትሕጃ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብ C.P.O. የትሕዙ።

3.ተጫራቲ ዚዩምለስ ሓምሳ ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ መብርሂ ጨረታ ይመልኡ።

4.ተጫራታይ ናይ ኣፍሰወክፍ ዓይነት ንብረት መርኣዪ (ሳምፕል) የቕርቡ።

5.ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 (ዓሰርተ) መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ኣብ ስራሕ ሰዓታት ተጫራቲ ወይ'ውን ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኸፈት።

6. ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ዝሓሸ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል

Mimistry of Education Zoba Maekel P.Box; 82 Tele No. 180386/180374/180389

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣማኒኤል ኣብርሃ ገረመድህን፡ በዓል ቤተይ ኣልጋሽ ረዘነ ስለ ዝተሰወኣት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊዩ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቃልኣብ ዓንደሚካኤል ባይሩ ምባል ተሪፉ፡ ቃልኣብ ዓንደሚከኤል ባርያኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.43 ይቕረብ።

ኣቶ ሄኖክ በየነ ወልደሩፋኤል፡ ኣደይ ለተንስኣ ሃብተማርያም ማሉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ ኣፍራሕ መሓመድ ዓሊ፡ ናይ ኣቦ ጓሎይ ኣቶ ሳሙኤል ኢያብ ሓጎስ ደሃይ ስለ ዘይብለይ፡ ናይ ሞግዚት ሓናፍትት ክወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን26/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣማረ ሰለሙን ጉብረስላሴ፡ ብዓልቲ ቤተይ ንግስቲ መንገሻ ጉብረገርግስ ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን18/4/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ፋኑስ ምሕረትኣብ፡ ኣሞና ርሻን ባህታ ማህደረ ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን18/4/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ብርሃኑ ጠዓመ ጉብረስላሴ፡ በዓል ቤተይ ባህልቢ ቀሺ ጉብረእየሱስ ተስፋገርግሽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊዩ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰሲት ወ/ሮ ኣርሴማ ኣብርሃም ጉብረስላሴ ተኸሳሲ ዓወት ረዘነ ሃብቱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሳማ ኢሳቕ ዙርያሱ፡ ኣደይ ለወሳ ላኩ ደማን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን25/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃዋ ኢብራሂም መሓመድ፡ በዓል ቤተይ ኣልኣሚን ሳልሕ ሓሰን ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊዩ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/3/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ያፊት ደርጋኣለም ጉብረሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ያፊት ደርጋኣለም ገኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን6/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ሓምድ መሳ ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ሓምድ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ውልድኣማኑኤል ኣስመላሽ ኣማረ ምግል ተሪፉ፡ ዘኣማኑኤል ኣስመላሽ ኣማረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋኸያ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ዘቢብ ወልደማርያም ተኪኡ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ግርማጼን ኣርኣያ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ጽገረዳ ሰለሙን ዘወልዳይ ምግል ተሪፉ፡ ቤቲኤል ሰለሙን ዘወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ቅዱሳን ገብረመድህን ወልደኣብዝጊ፡ በዓል ቤተይ መም. ገብረክርስቶስ ወልደኪዳን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቒቕ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ቅዱሳን የውሃንስ ገብሩ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ተስፎም ዑቕቡ ወልደምስ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቒቕ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 29/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

መሓሪን ዑቕባይ ገብረማርያም፡ ኣዴና ውዳሰ ኣብርሃ ወልደገርግስ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

የናስ ሰለሙን ሓደራ ምግል ተሪፉ፡ ሚሮን ሰለሙን ሓደራ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ምልእተጺጋ ተኽለወይኒ ገብረትንሳኤ ምግል ተሪፉ፡ ኣድሓኖት ተኽለወይኒ ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሉተማርያም ወልዱ ገብረሚካኤል ምግል ተሪፉ፡ ማርያ ወልዱ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ፋኖ ሃብተማርያም ዓቃ ምግል ተሪፉ፡ ኣስቲፋኖስ ሃብተማርያም ኪዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ለምለም ዘውደ ፍታው ምግል ተሪፉ፡ ዘውዲ ፍታው ምሕረትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣቶ የማነ ኣሰፍሃ ሃብተጼን፡ ኣደይ ሉተኪዳን ሃይለ መሓሪ፡ ብሂወት ከሎ ብስማ ዝተመዝገበ ንግዳዊ ትካል ማሽጢ ሃለኽቲ ኸረት ብለበዋ ስለዝገደፈትለይ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ዛህራ መሓመድ ዓሊ እስማዒል፡ ስም ኣደይ ዛህራ መሓመድዓሊ ምግል ተሪፉ፡ ፋጥማ ማሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ዛይድ ደክኣሎ ርኡይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቀሺ ተስፋማርያም በርህ ንጉሱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ሳልሕ ሮመዳን ዓሊ ምግል ተሪፉ፡ ሳልሕ መሓመድ ሮመዳን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ፍስሃዬ ደረሱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋጋብር ተኪኤ ወልደሚካኤል፡ ናይ ሰበል ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ሰንዓፈ

ቅዱሳን ጠዓመ ምስየና ምግል ተሪፉ፡ ቅዱሳን ጠዓመ ተኽለሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ትብለጽ መዝገቡ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ጠዓመ ገብረኪዳን ገብረዝጊ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲት ዘቢብ በየነ ተስፋ፡ ተኸሳሲ ካሕሳይ ገብረየውሃንስ ገብሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

መሰል ሓጎስ ገብሩ፡ ወደይ ሰድ መሰል ሓጎስ ስለዝተሰወኣ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ በዓልቲ ቤተይ ሃይማኖት ኣብርሃ ገብረማርያም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓረዛ

ጺጋይ ንገሰ ሃብቱ፡ ስም ኣደይ ኣዞሚት እዝራ ወልደማርያም ምግል ተሪፉ፡ ለምለም ተኽለ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወይኒ ጎይትኦም ኣብርሃ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወደይ ፍቓዱ ተኽለማርያም ቃለኣብ ምግል ተሪፉ፡ ተኪኤ ተኽለማርያም ቃለኣብ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣማንኤል ረሻይዳ ፋይድ ምግል ተሪፉ፡ ኣማኒኤል መሓመድ እስማዒል መሓሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሉተገርግሽ እምሓ ሰባሲ ምግል ተሪፉ፡ ሉተገርግሽ እምሃየ ሰባሲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ምሕረትኣብ ገብረቀርቀስ ሓየሉ፡ ኣቦይ ገብረቀርቀስ ሓየሉን ኣደይ ኣዜጋሽ ኣብርሃን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ተወልደ ሃብትኣብ ኣርኣያ፡ ስም ኣደይ ንጸሃ ሓየለም ምግል ተሪፉ፡ ጺጋ ተስፋጋብር ገብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ/ ሰ/ቀ/ባሕሪ ባጽዕ

ኣቶ ቢንያም ሓደሽ ተብጀ፡ ሓፍተይ ወ/ሮ ኣበበሽ ሓደሽ ተብጀ ካብ 1984 ክሳብ ሕጂ ደሃይ ስለዘይብላ ክቡል፡ ናይ ጥፍእቲ ምልክታ ስለዘቐረብ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ቢንያም ሓደሽ ተብጀ፡ ሓፍተይ ወ/ሮ ኣለማሽ ሓደሽ ተብጀ ካብ 1984 ክሳብ ሕጂ ደሃይ ስለዘይብላ ክቡል፡ ናይ ጥፍእቲ ምልክታ ስለዘቐረብ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ከሳሲ ኣቤል ተኽለሃይማኖት፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሉልያ የውሃንስ ግደይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።


## ሓዳስ መጽሓፍ ንተመሃሮ

ንፍቱዋት ተመሃሮ ደቅና፡ ‘ሓልዮት 3’ ዘርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

መጽሓፍ ‘ሓልዮት 3’፡ ዛንታታት፡ ጽውጽዋይ፡ እተመሳቐለ ቃላት፡ ግድል ቁጽሪ፡ ጸወታ ፊደላተይ፡ ቃላት ድልዩ፡ ቃላት ድለዩ ብስእሊ፡ ዝብል ትሕዝቶ ኣለዋ።




መጽሓፍ ‘ሓልዮት 3’፡ ንዓኹም ንምምሃር፡ ኣተሓሳስባኹም ንምስፋሕን ቋንቋ ትግርኛ ንኽትመልኩ ዝተዳለወት መጽሓፍ እያ። ኣንብቡዋ!! ዘንብብ ይዕንብብ!!

ደራሲ፡ መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)
ሞባይል፡ 07190414

ዋና ኣከፋፋሊ፡ ሰቲት እስተሽነሪ
ሞባይል፡ 07222010


ወላዲተይ ርግበ ደስታ ገብረእግዚኣብሄር ዝተባህለት፡ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ከባቢ ማእከል ከተማ ፕሎት 35 ፓርሰል "P" ዓይነቱ ተራ ገዛ 3 ቀንዲ ክፍሊ 1 ክሽነ 2 ዓይኒ ምድሪ ዘጠቓለለ፡ ስፍሓቱ፡ 288.30 ት/ሜ፡ ብቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ 4BRSEN003308/0 ብዕለት 11/1/23 ብስማ ዝተረጋገጸላ ብሀያብ ስለ ዝሃበትኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ዞባ ደቡብ ክፍሊ ቴክኒክ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎዊ ሰነዳት ጉዳይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣብርሃለይ ሄረ ጭሮም

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ካብ ናብ ብኣየር ዘጉዓዕዞም ኣብኡቱን ኢጋይሹን ማለት ኣፍሪቃ፡ ኤስያ፡ ኤውሮጳ ማእከላይ ምብራቕን ኣመራብን ንዓመት ባጀት 2023-2024 ዝተማልአ መሳለጥያ ብቑዓትን ጽሬትን ዘለዎ ኣገልግሎትን ጉዕዞ ኣየር ዞሳልጥ (travel agency) ኣባል ናይ ዓለምለኽ ወኪል ጉዕዞ በረራ ኣየር ኣባልነት (IATA) መረጋገጺ ሰነድን ከቕርብ ዝኽእል ንጨረታ ይዕድም።

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ናይ 2020 ካብ ኢታዊ ውሽጢ ሃገር ከምዝኸፈለ መረጋገጺ ሰነድን ናይ መንነት ወረቐትን ሐደ ፎቶ ኮፒ የቕርብ።
2. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ወጸኡ ን5 መዓልታት ሳንዱቕ ክፉት ይኸውን፡ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ ግዜ ደማ ሰዓት 10:00ቅ/ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።
3. መኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 5000 (ሓሙሽተ ሽሕ) ብዝተረጋገጸ ቸክ Cpo ይትሓዝ።
4. ንተወሳኺ መግለጺን ሓበሬታን ኣብ ቤት ጽሕፈት ቁጽሪ 20 ወይ ብቑጽሪ ቴሌፎን 200539/123749 ክትወክሱ ትኽእሉ።
5. ዝተዓወተ ኣገልግሎት ወሃቢ፡ ንክልተ ዓመት ውዕል ስምምዕ ክኣቱ ግዴታ ኣለዎ።
6. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ'ዚ ኣይግደድን።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ


ቀንደል

1.ትምህርቲ መካኒክ
ብክልስ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምሃራን ብኢንጅነራን ዝተመረቑ

2.ኮምፒተር
3. ኣካውንቲንግ ምስ ፒችትሪ
4. ግራፊክስ

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።

ኣድራሻና:- ጎኒ ሲኒማ ሮማ ፊት ቶታል

ቁ.ስ 121571/ 07207798/ 07325197

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኤርትራ፡ ተወሳኺ መዳልያታት ኣምጺኣ

ኤፍሬም መኮንን
ስእሊ - የውሃንስ መብራህቱ

ትማሊ ኣብ ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ዝተጻምደት ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ብመገዲ ኣድያም ዳዊትን ሰላምን ፍስሃየን ወርቂን ኑሓሰን መዳልያ ወሲዱ።

ኤርትራ፡ ኣብዚ 25 ኪሎሜትር ዝሸፈነት ውድድር፡ ብኣድያምን ሰላምን እያ ተወኪላ። ኣድያም፡ ብ26 ደቒቕን 03 ካልኢትን፡ ሰላም ከኣ ብ26 ደቒቕን 23 ካልኢትን ውድድረን ዛዚመን። ወላ'ኳ ኣብ ናይ ዓበይቲ ምስ ቀዳሞት ሰለስተ ኣይሰረዓ ደኣ፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ግን፡ ኣድያም ወርቂ መዳልያ፡ ሰላም ከኣ ኑሓስ መዳልያ ኣንጠልጢለን። ኣብዚ ውድድር፡ ኤርትራዊት ሚርያም ሃብታይ እያ ኮሚሽር ኮይና ወዲኣ።

ብዘይካ'ዚ፡ ደቂ ተባዕትዮ፡ 37.5 ኪሎሜትር እዮም ሸፊኖም። ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብዚ ውድድር ንመርሃዊ ቅዱሳንን ናህም ዘርኣይን እያ ኣዳልያቶም። ኣካየድቲ እዚ ውድድር፡ ንናህም፡ ኣብ ሰዓትካ ኣይተረኸበካን ብዝብል ምኽንያት ካብ ውድድር ከኣልዮምኺ ሓሰቦም እንተነበሩ ሃገራዊት ጋንታ ብዘቕረበቶ ጥርዓን ግን፡ ድሕሪ ኩሉም ተቐዳደምቲ ክጎዓዝ ተገይሩ።

ናህም፡ ነዚ ርሕቀት ብ50 ደቒቕን 28 ካልኢትን ወዲእዎ፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ድማ ራብዓይ ደረጃ ሒዙ። ኣብዚ ምድብ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኢትዮጵያን ሞውሪሸየስን እየን ብተቐዳደምቲ ፖድየም ደየበን። መርሃዊ ከኣ ብ46 ደቒቕን 42 ካልኢትን ምውዳኡን ምስ ዕወታት ዘይምእታዉን ተፈሊጡ ኣሎ።

## ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ ቀጺሉ



ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ሓሙስ 14 መጋቢት፡ ብኽልተ ግጥማት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ ነይሩ።

ፈለማ ቀይሕ ባሕርን ናቕፋን እየን ተጻዊተን። ኣቐዲማ ክልተ ግዜ ዝተዓወተት ቀይሕ ባሕሪ ቀዳማይ ዕረፍቲ ክልተ ሹቶታት ካብ ሰሞኦን ሃብተ ብምርካብ 2፡0 መሪሓ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ናታን ብርሃነ ሓለቓ ናይ'ታ ጋንታ ዓብለል ተኸልዘዚን ሹቶታት ብምውሳኽም ብጸፈሕ 4፡0 ተዓዊታ። ሰሞኦን ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ተጻዊቡ።

ግጥም ኣልታሕረርን መንደፈራን ሰዒቡ ተኻዪዱ። ቀዲማ ሹቶ ዘመዝገበት ኣልታሕረር እያ፡ ኣብ መበል 25 ደቒቕ ካብ ሚሮን ዓንደም። ኣብ ኢጋ ዕረፍቲ ከኣ የናታን ተኽስተ ብመገዲ ፍጹም ቅላዕ ሹቶ ብምውሳኹ 2፡0 መሪሓ ወጺኣ።

ብተደጋጋሚ ልዩት መጋጥምታ እተሸገሕጐሕ ዝነበረት መንደፈራ ግን፡ ኣብ መበል 52 ደቒቕ ብመገዲ ሳምሶም ጉብረዋህድ ናብ ጸወታ ዝመለሰታ ሹቶ ኣመዝጊባ ነይራ። ይኹን'ምበር፡ ወደብ ፍስሃዬ ኣብ መበል 88 ደቒቕ ወጽኢት ዘረጋገጸት ሹቶ ብምምዝጋቡ፡ ኣልታሕረር 3፡1 ተዓዊታ። ኣባላ ኢብራሂም መሓመድ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ኣብ ከረን ክልተ ግጥማት ተኻዪዱ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ኣልኣሸርን ደንካልያን 0፡0 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ተጻዋታይ ደንካልያ ኣሮን ዐሶማን ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ተጻዊቡ።

ብመጀመርታ ናይ ዞባ ማእከል ጋንታ ደንደን ንዓዲ ቐይሕ 8፡0 ኣሰኒፋታ። እዛ ጋንታ ንሹቶታታ - ኣርባዕተ ካብ ሮሚል ዓብዱ፡ ሓሙሽተ ከኣ ካብ ሰራክ መብራህቱ፡ ቢንያም መንግስተኣብ፡ ሰም መድሕንን ሚሮን ኣለምን እያ ረኺባተን። ሰ-ፐር ሃትሪክ ዝሰርሐ ሮሚል ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም ተባሂሉ።

## ዝምድና ቪንስየስን ማድሪድን . . .

ኣብ መንጎ ሪያል ማድሪድን ብራዚላዊ ብሉጽ ተጻዋታያ ቪንስየስን ጋግ ከምዝተፈጥረ ተቓሊሑ - ድሕሪ'ቲ ማድሪድ፡ ነቲ ተጻዋታይ ዘቆጥዕት ኣካታዒት ስእሊ ኣብ ኢንስታግራም ምልጣፉ።

እዚ ፍጻመ፡ ቅድሚ'ቲ ማድሪድ ኣንጻር ቫለንሽያ 2፡02 ዝተፈላለየትሉ ናይ 2 መጋቢት ጸወታ እዩ ኣጋጢሙ። እዛ ጋንታ፡ ቪንስየስ ንኣርማኣ እናሰዓመ፡ ኣብ ትሕተኡ ከኣ ንኣመዓብለ ወይ ፍልቀት ደቂ ሰብ - ካብ ህበይ ናብ ሰብ ዘርኢ ስእሊ ብምሻናድ እያ ለጢፋ። ኣብቲ ስእሊ፡ ስም ቪንስየስን እስራኤላዊ ዲጀይ ቪኒ ቪሲን እውን ተጻሒፉ ይርአ።

እዛ ጋንታ፡ ነዚ ስእሊ ድሕሪ 30 ደቓይቕ ካብቲ ናይ ማሕበራዊ ገጻታ እኳ እንተኣለየቶ፡ ቪኒ ግን፡ ከምዝረኣየን ንሰብስልጣን እዛ ጋንታ ከምዝቖጥዐሞን ምንጪታት ይሕብሩ። ሰሪዛ ስእሊ ከኣ እዚ ወዲ 23 ዓመት ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብታ ጸወታ ኣይሰለፍን እየ ኢሉ ነይሩ፣ ድሕሪኡ ግን፡ ሰብስልጣን ክጻወት ኣእሚኖሞ። ማዕረ ንዘበራትም




ክልተ ሹቶታት'ውን ባዕሉ ኣመዝጊቡወን። ይኹን'ምበር፡ ርክብ እዞም ክልተ ወገናት ከምዝሻሓከረ ይሕበር።

ኣብዚ ሊግ ብዓሌታዊ ኣድልዎ ዝሳቐ ዘሎ ቪንስየስ፡ ኣብታ ጸወታ'ውን ካብ ሓደ ናይ ቫለንሽያ ደጋፊ ቀልዓ ዓሌታዊ ጸርፊ ከምዝወረዶ ይግለጽ።

## ሃገራዊ ውድድር ትራክ ይካየድ ኣሎ

ዓመታዊ ዝካየድ ሃገራዊ ውድድር - ትራክ ትሕቲ 18 ዓመት፡ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ጀሚሩ።

ኣብዚ ውድድር፡ ኣብ ኩለን ምድባት/ካታጎሪታት ዝወዳደሩ ኣትሌታት፡ ክሃርምዎ ዘለዎም ግዜ ተነቢርዎም እዩም ውድድር ኣካይዶም። እዚ ማለት፡ ኣትሌታት፡ ነቲ ዝተመደበ ግዜ እንተዘይሃሪሞሞ (ልዕሊ እቲ ዝተመደበ ክሓልፉ የብሎምን)፡ ንዝተዳለወ ፕሮግራም ሸልማት ኣይወሰዱን እዮም - ወላ'ውን ምስ ቀዳሞት ሰለስተ እንተኣተወ። ዝኣተውዎ ደረጃን መዳልያን ግና ኣይክልኡን እዮም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ 400 ሜትሮ ኣትሌታት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሉልያ በረኸት - ዞባ ደቡብ ብ58 ካልኢትን 60 ንእሽ ካልኢትን ቀዳመይቲ ብምዃን ተዓዊታ። ሶልያና ጉብረሂወት - ማእከል፡ ብ59 ካልኢትን 58 ንእሽ ካልኢትን፡ ሚሪ በርሀ - ማእከል፡ ብ1 ደቒቕ 96ን ንእሽ ካልኢትን፡ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ተሰሪዐን። ኣብዚ ምድብ፡ እዘን ኣትሌታት 1 ደቒቕን 30 ንእሽ ካልኢትን እየን ክሃርማ ነይሩወን። በዚ ከኣ፡ ብዘይካ እታ ሳልሰይቲ ዝኣተወት፡ እተን ክልተ ቀዳሞት ንዝተመደበ ግዜ ክሃርማ ክኢለን።

ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቀት ደቂ-ተባዕትዮ፡ 52 ካልኢትን 30 ንእሽ ካልኢትን ክሃርሙ ነይሩዎም። በዚ መሰረት፡ ሰለስተ ናይ ዞባ ማእከል ኣትሌታት - ናትናኤል ኤፍሬም 50 ካልኢትን 27 ንእሽ ካልኢትን፡ ጉብረኣብ የናስ 50 ካልኢትን 30 ንእሽ ካልኢትን፡ ሴም ዘርኣይ 51 ካልኢትን 73 ንእሽ ካልኢትን ብምህራም ዕወታት ኮይኖም።

ኣብ 100 ሜትሮ፡ ደቂ-ኣንስትዮ 12 ካልኢትን 90 ንእሽ ካልኢትን ክሃርማ ነይሩወን። ይኹን'ምበር፡ ኩለን ኣትሌታት ዝተመደበ ግዜ ክሃርማ (ልዕሊ 13 ካልኢት እየን ሓሊፈን) ኣይከኣላን። የርሳሌም በየነ፡ ናኦሚ የናስን ፈሩዝ ዓንደምን ግን፡ ቀዳሞት ሰለስተ ብምዃን መዳልያ ተሸሊመን።

ብወገን ደቂ-ተባዕትዮ፡ 11 ካልኢትን 40 ንእሽ ካልኢትን ክሃርምዎ ዝነበሮም ግዜ እዩ። ኣዶናይ ኣማኑኤል - ደንደን ከኣ፡ ብ11 ካልኢትን 39 ንእሽ ካልኢትን ንዝተመደበ ግዜ ሃሪሙ ቀዳማይ ኣትዩ። ሳሙኤል ዳኒኤል - ማእከል 11 ካልኢትን 58 ንእሽ ካልኢትን፡ ሄቨን ሙሴ - ደንደን (ሚኒ/ምክልኻል) 11 ካልኢትን 68 ንእሽ ካልኢትን ግን፡ ኣብ ደረጃ ኣትዮም እምበር ግዜ ክሃርሙ ኣይከኣሉን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዛ ዕለት፡ ናይ 1500 ሜትሮ ውድድር ተኻዪዱ ነይሩ። ደቂ ኣንስትዮ፡ 4 ደቒቕ፡ 35 ካልኢትን 30 ንእሽ ካልኢትን ክሃርማ ነይሩወን። ይኹን'ምበር፡ ሚካል ጉብረሚካኤል፡ ሊድያ ኢሳቕን ቅሳነት መልኣከን ሰለስቲኣን ካብ ማእከል ቀዳሞት ሰለስተ እኳ እንተኾና፡ ዝተመደበለን ግዜ ኣይሃረማን።

ብመጀመርታ፡ ያፌት ምስጋና - ማእከል 3 ደቒቕ፡ 52 ካልኢትን 60 ንእሽ ካልኢትን፡ ሚልዮን ኣብርሃም - ማእከል 3 ደቒቕ፡ 53 ካልኢትን 27 ንእሽ ካልኢትን፡ ናይ ደንደን ኣትሌት ኤቨን ሙሴ ብ3 ደቒቕ፡ 54 ካልኢትን 22 ንእሽ ካልኢትን ብምዝዛም ንዝተመደበ ግዜ ሃሪሞሞ። 3 ደቒቕ፡ 55 ካልኢትን 30 ንእሽ ካልኢትን እቲ ክሀርም ዝተመደበ ግዜ እዩ ነይሩ።

ኣብዚ ሃገራዊ ውድድር፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ደረጃ ዝኣተዉ ኣትሌታት ጥራይ እዮም ዝሸለሙ ነይሮም - ግዜ ብዘይገድስ። እዚ ከኣ ነቲ ኣትሌታት ኣብ ሃገራዊ ኮነ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ክሃርምዎ ዝኾብኦም ግዜ እናንቁልቁሎ ምኻዱ ይሕበር። ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ ንኣትሌታት፡ 'ተሓቢኦ፡ ንሓስ ኣይትተሃረም፡ ቀስ በል' ዝብሉ ዘረባታት ኣሰልጠንቲ ምዃኑ ይግለጽ። ከም ወጽኢቱ፡ ኣትሌታት ክኸዉ ደረጃ ምእታው ዝኾብኦም ግዜ ክሃርሙ ኣይጸንሑን።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ግን፡ ግዜ ዓቢ ቆላሕታ ተዋሂብዎ ክስረሓሉ ጀሚሩ ኣሎ። ኣትሌታት ዝወሃቦም ፕንዙብ ይዕበ ይንኣሱ፡ ግዜ ክሃርሙ ዝያዳ ክጽዕሩ እንተጀሚሮም፡ ክጽዑ ኣብ ሃገራዊ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት'ውን ዕወታት ናይ ምዃን ልዑል ተኽእሎ ከህልዎም ዝደፍእ እዩ። እዚ ኣገባብ ክጽዑ ኣብዚ ዓውዲ ኣብቲ 'ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ ብዘለዎም ይኹኑ ወይ ይቀዳደማ ኣለዋ' እናተባህለ ብጠለ ወገናት ዝሕመያሉ ቅድድም ብሽክለታ እንተዝተኣታቶ ድማ፡ ንውልቃዊ ዕብየተን ይኹን ዕብየት እቲ ዓውዲ ሓጋዚ ምኾነ ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እዚ ውድድር፡ ሎሚ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ ክውዕል እዩ።

## ዕጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ወዲቑ

ዕጫ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ትማሊ ኣብ ዝወደቐሉ፡ ናይ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ሻምፕዮን እዚ ውድድር ዝኾኑ ሪያል ማድሪድን ማን ሲቲን ተራኺበን።

ኩብራ ንምዕቃብ እትቃለስ ማን ሲቲ፡ ንካልኣይ ተኸታታሊ ወቕቲ እያ፡ ኣብ ኣውዲቐካ ምሕላፍ ኣንጻር ማድሪድ ዝጸሓ ዘሎ። ኣብ 2021-22፡ ማድሪድ፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ንሲቲ ገሊፋ ጸዋእ ኩተልዕል እንከላ፡ ሲቲ ከኣ፡ ዓሚ ኣብ ተመሳሳሊ መድረኽ ሕነኣ ፈድያ ሓሊፋ፣ ንፈለማ ግዜ ከኣ ጸዋእ ኤውሮጳ ኣልዒላ። ሎሚ ዓመት ከ? ማድሪድ፡ ቀዲማ ኣብ ሜዳኣ እያ ክትጻወት።

ብዘይካ'ዚ፡ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ንምልዓል እትቃለስ ዘላ ኣርሰናል፡ ኣብ ክልተ እግሪ ንባየር ሙኒክ ክትገጥም እያ። ድሕሪ ሸውዓተ ዓመታት ኣብዛ ወቕቲ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝተመልሰት ኣርሰናል፡ ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 2016-17 ካብዚ መድረኽ ክትእለ እንከላ - ብሙኒክ 10፡02 ተሳዒራ እያ፡ ካብ ዙር 16 ተገሊፋ።

ኣርሰናል፡ ንሸውዓተ ዓመት-ስፖርት (ካብ 2010 ክሳብ 2017) ካብ ዙር 16 ሓሊፋ ኣይትፈልጥን እያ። ሎሚ ዓመት ከኣ፡ ምስታ ኣብ ቡንደስሊጋ ብባየር ለቨርኩሰን ተበሊጻ ምሉእ ሓይላ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ገይራቶ ዘላ ሙኒክ በጺሐዋ ብምህላው፡ ታሪኽ ንርእሱ ኢሉ ከይደግም ንደገፍታ ኣሰጊኡ ይርከብ። ኣርሰናል ንሙኒክ እንተገሊፋታ፡ ሲቲ ከኣ ንማድሪድ እንተኣልያታ፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ክራኸባ እየን።

ካልእ ዓቢ ግምት ዝወሃቦ ጸወታ እንተሃልዩ፡ ንፒኤስጂን ባርሲሎናን ዘራኽብ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ጸወታ ኣትሌቲኮ ማድሪድን ቦሩሽያ ዶርትሙንድን ኣካል እዚ ዕጫ እዩ። ቀዳማይ እግሪ 9ን 10ን ሚያዝያ፡ ካልኣይ እግሪ ከኣ 16ን 17ን ሚያዝያ ክካየድ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ኤውሮፓ ሊግ መን መን በጺሐወን ምህላዉ'ውን ተፈሊጡ ኣሎ። ኤሲ ሚላን - ሮማ፡ ሊቨርፑል - ኣታላንታ፡ ባየር ለቨርኩሰን - ዌስትሃም፡ በንፊካ - ማርሴ ክራኸባ እየን። 11 ሚያዝያ ቀዳማይ እግሪ፡ 18 ሚያዝያ ከኣ ካልኣይ እግሪ ክካየድ እዩ።

## መደብ ጸወታ

ሎሚ
ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ
ኣስመራ ስታድዩም
ደንደን (ዓንሰባ) - ኣልታሕረር 2፡00 ድ.ቀ
ናቕፋ - መንደፈራ 4፡00 ድ.ቀ
ኣብ ከረን
ባረንቱ - ዓዲ ቐይሕ 2፡00 ድ.ቀ
ዳንካልያ - ደንደን (ማእከል) 4፡00 ድ.ቀ

**

ፕሪመር ሊግ
ሉቶን - ኖቲንግሃም 6፡00 ድ.ቀ
ፉልሃም - ቶተንሃም 8፡30 ምሸት

**

ኤፍኤ ካፕ
ዎልቨስ - ኮቨንትሪ 3፡15 ድ.ቀ
ማን ሲቲ - ኒውካስል 8፡30 ምሸት

**

ላ'ሊጋ
ኦሳሱና - ሪያል ማድሪድ 6፡15 ድ.ቀ
ገታፈ - ጂሮና 8፡30 ምሸት

**

ጽባሕ
ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል
ኣብ ጎደና ኣፍዓበት ከበቢ እንዳ ማርያም ካብ 7፡00 ቅ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ሩስያ፡ ኣብ ህዋ ኑክሌሳዊ መሳርሒ ምትካል ቀዳምነታ ምዃኑ ገሊጻ

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኣብ ህዋ ብኑክሌሳዊ ጸዓት ዝሰርሕ ኣሃዱ ምትካል - ሃገሩ ብቑዓምነት ሰሪሖቶ ዘላ መደብ ምዃኑ ኣፍሊጡ።


ፑቲን ኣዚ ዝገለጸ ዘሎ፡ ሓላፊ ትካል ምርምር ጠፈር ሩስያ (ሮስኮስሞስ) - ዩሪ ቦሪሶቭ፡ ሩስያን ቻይናን ኣብ 2033-35 ዓ.ም፡ ብኑክሌሳዊ ጸዓት ዝሰርሕ ናይ ሓባር መደበር - ኣብ ህዋ ንምትካል ይሓስባ ከምዘለዋ ዝሓለፈ ሰሙን ድሕሪ ምሕባሩ እዩ።

ክልቲአን ሃገራት፡ ኣዝዩ ዝፈነ ዝተሓላለኸ መሳለጥያታት ዘለዎን ኣህጉራዊ መደበር ምርምር ጠፈር፡ ኣብ ፕላኔት ወርሒ ንምድኳን ተሓጋጊዘን ይሰርሓ ከምዘለዋ ይፍለጥ።

እቲ መሳርሒ ህንጻቱ ኣብ 2026 ክጀምር ትጸበ.ት ዝገበረሉን ኣስታት 13 ኪሎሜተር ስንጣቑት ዘለዎን ኣህጉራዊ መደበር ምርምር ጠፈር፡ ህንጻቱ ምስ ተዛዚሙ ሊቃውንቲ ካብኡ እናተበገሱ - ንትሕዝቶታት ፕላኔት ወርሒ ብስምቂት ክጽንዑዎ ክጅምሩ ምዃኖም ይሕበር።

ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን፡ ሩስያ ዝኾነ ሃገራዊ ድሕነታ ዝፈታተን ወተሃደራዊ ተጻብኦታት ምስ ዘጋጥማ፡ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ክትጥቀም ድልውቲ ምዃና ኣብ'ዚ ሰሙን'ዚ ምግላጹ ዝጠቐሱ ምዕራባውያን ወሃንት፡ እቲ ኣብ ህዋ ክትተኽሎ ትሕስብ ዘላ ኑክሌሳዊ መሳለጥያ፡ ንወተሃደራዊ መዓላ ከይትግልገለሉ ስግኣቶም ይገልጹ።

መንግስቲ ኣመሪካ ቅድሚ ሒደት ሰሙናት ኣብ ዝዘርግሖ ጸብጻብ፡ ሩስያ ኣብ ህዋ ንዝርከባ ኣሽሓት ሳተላይታት ምዕራብ ብኤሌክትሮ-ማግኔታዊ ማዕበል ዘህሉ ሓደሽ ዓይነት ኣጽዋር ተማዕብል ምህላዋ ሓቢሩ ነይሩ።



## ኣል-ሽባብ፡ ኣብ ሞቓድሾ ሓደ ሆቴል ኣጥቂዖም




ኣብ ሶማል - ኣባላት ጥሩፍ ጉጅለ ኣል-ሽባብ ዝሓለፈ ሓሙስ ምሸት ኣብ ከተማ ሞቓድሾ - ጥቓ ህንጻ ቤተ-መንግስቲ ኣብ ዝርከብ ሆቴል፡ መጥቃዕቲ ከምዝፈጸሙ ተሓቢሩ።

ሮይተርስ ናይ ዓዲ ማሶባዊ ብምጥቃስ ኣብ ዝዘርግሖ ዜና፡ እቶም ዕጡቃት ሃንደበት ናብ'ቲ ላዕለዎት ሰብ ስልጣን መንግስቲ ብብዝሒ ከምዝኣትውዎ ዝነገረሉ 'ኢሲዋይኢል' ዝበሃል ሆቴል ብምእታው፡ ብጽዑቕ ተኹሲን ነትጕን ዝተሰነየ መጥቃዕቲ ከምዝፈጸሙ ገሊጹ።

ምስ'ቲ ሽበራዊ ጉጅለ ምትእስሳር ዘለዋ 'ካልማዳ' ዝተባህለት መርከብ ሓበሬታ እታ ሃገር ኣብ ዝዘርግሐቶ ሓበሬታ ድማ፡ ኣብ'ቲ መጥቃዕቲ ብውሕዱ ኣርባዕተ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶን ኣፈኛ መንግስቲን ከምዝቐተሉ ኣመልኪታ።

ኣል-ሽባብ፡ ስሊኾም ናብ መቓድሾ ዝኣተዉ ሓያል ኣባላቱ - ነቲ ሆቴል ቀልጢፎም ብምቁጽጻር፡ ኣብኡ ንዝጸንሑዎም ሰራሕተኛታትን ሰብ ስልጣን መንግስትን ይርሽኑዎም ከምዘለዉ ዝመልክት ሓበሬታ - ኣቐዲሙ ከምዝዘርግሐ እዩ ሮይተርስ ዝጠቕሰ።

እንተኾነ፡ መንግስቲ ሶማል ብዛዕባ'ቲ ብኣል-ሽባብ ይኹን ካልኦት መርበብ ሓበሬታ ዝተዘርግሐ ሓበሬታ፡ ዝሃቦ ርእይቶ የለን።

ኣል-ሽባብ ኣብ ሞቓድሾን ካልኦት ከተማታትን ንዝርከቡ ፍሉጣት ሆቴላት ብተደጋጋሚ ከጥቅዕ ከምዝጸንሐ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ሆቴል'ውን ኣብ 2019 ኣጥቂዖም ከምዝነበረ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብ ደቡባውን ማእከላይን ክፋል ሶማል ሰፊሕ ከባቢታት ተቖጻጺሩ ዝርከብ ኣል-ሽባብ፡ ካብ ሰራዊት መንግስቲ ሶማል ብዝበጽሖ ዘሎ ተረር መኸተ - ሽበራዊ መጥቃዕቲታት ናይ ምኪያድ ዓቕሙ ሕጹ ከምዘሎ እዩ ክንገረሉ ጸኒሑ።

## ፖሊስ ዚምባብወ፡ 251 ቈልዑ ካብ ግዱድ ሸቕለት ኣድሒኑ

ፖሊስ ዚምባብወ፡ ብሓደ ንፍሱ ከም ሃዋርያዊ ነቢ ዝገልጸ መራሒ ሃይማኖት ተታሒዞም ኣብ ግዱድ ሸቕለት ተዋፊሮም ዝጸንሑ 251 ቈልዑ ናጻ ብምውጻእ፡ ነቲ ጥርጡር ናብ ሕጊ ከምዘቕረቦ ኣፍሊጡ።

ፖሊስ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እቲ ኢሾማኤል ቾኩሮንገርዋ ዝተባህለ ወዲ 56 ዓመት መራሒ ሃይማኖት፡ ኣብ ከተማ ሃራረ ልዕሊ 1,000 ሰዓብቲ ከምዘለዉዎ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ኣብቲ ንሱ ዝውንኖ ካብ ሃራረ 34 ኪ.ሜ ንምዕራብ ርሒቑ ዝርከብ ናይ ሕርሻ መሬት ብዝተዓደለ ዳህሳስ፡ እቶም ቈልዑ ብዘይ ዕረፍቲ ደፊኖም ክሰርሑ ከምዝረኸቦም ሓቢሩ።

እቶም ቈልዑ ከለሉም ካብ ትምህርቲ ተኣጊዶም ኣብ'ቲ ቦታ ጉልበታዊ ስራሕ ጥራሕ ክሰርሑ ተፈሪዶም ከምዝጸንሑ ዝሓበረ ፖሊስ፡ 246 ካብኣቶም ናይ ልደት ምስክር ወረቐት ከምዘይጸንሖም ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ቦታ ሕርሻ፡ ብምምሕዳር ከተማ ዘይተመዝገበን ናይ ህጻናት ክኾውን ከምዝኽእል ዝተጠርጠረን 16 መቓብራት እውን ከምዝረኸበ ገሊጹ።

በዚ ኸኣ፡ እቲ ጥርጡር ብሓያለ ገበናዊ ተግባራት ተኸሲሱ - ምስ ሸሞንተ መሳርሕቱ ናብ ቤት-ፍርዲ ሃራረ ከምዘቕረቦ፡ ፖሊስ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

እቲ ጥርጡር፡ ኣብ 2015 እውን 'ኣብ ልዕሊ ኣባላት ፖሊስን መራሕቲ ሃይማኖትን መጥቃዕቲ ንኽፍጽሙ ምኽንያት ኴንካ' ብዝብል ክሲ፡ ክእሰር ተፈሪዱ ከምዝነበረ እዮም ጸብጻባት ዜና ዝጠቐሱ።




## ኬንያ - ኣሽሓት ሓካይም ተቓውሞ የካይዱ




ኣብ መላእ ኬንያ ኣብ ዝርከብ መንግስታውያን ሆስፒታላት ዝሰርሑ ሓካይም (ዶክትር)፡ ስራሕ ደው ኣቢሎም ናይ ተቓውሞ ሰልፊ የካይዱ ከምዘለዉ ተገሊጹ።

እቶም ሓካይም፡ መንግስቲ ኣብ 2017 ዝኣተወሎም መብጽዓ ካብ ግብሪ ከምዘይከኣለ ብምውቃስ እዮም ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ዘካይዱ ዘለዉ።

ማሕበር ሓካይም'ታ ሃገር ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እቲ ተቓውሞ ንሓደ ሰሙን ክቕጽል ምዃኑን ኣስታት 4 ሽሕ ሓካይም ይሳተፉዎ ከምዘለዉን የገንዘበ።

ቤት-ፍርዲ፡ ማሕበር ሓካይም ነቲ ተቓውሞ ደው ኣብሉ ምስ መንግስቲ ክዘተ እኳ እንተኣዘዘ፡ እቲ ማሕበር ነቲ ትእዛዝ ዕሽሽ ከምዝበሎ እዩ በቢሲ ዝሕበር።

ኣብ 2017፡ ሓካይም ኬንያ፡ ምምሕያሽ ናይ ደሞዝ ክግበረሎም፡ ዝሓሸ መሳለጥያታት ትካላት ጥዕና መንግስቲ ናብ ንቡር ክምለሱ ብቐጻሊ ስልጠናታት ክወሃቡ፡ ከምኡ ድማ ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ናይ ሰብ ሞያ ሕክምና ከቢድ ሕጽረት ንምፍታሕ - ሓደስቲ ሓካይም ክቑጸሩ፡ ዝጠልብ ን100 መዓልታት ዝቐጸለ ተቓውሞ ኣካይዶም ነይሮም።

ነቲ ተቓውሞ ደው ንምባል ኣብ ዝተገበረ ስምምዕ ድማ፡ መንግስቲ ናይ ስራሕ ኩነታቶም ከመሓይሸሎምን፡ ኣብ ሆስፒታላት ዝዘሎ ሕጽረት ሰብ ሞያ ሕክምና ንምፍታሕ 1,200 ሓደስቲ ሓካይም ኣሰልጢኑ ክቖጽርን መብጽዓ ኣትዩሎም ከምዝነበረ ይግለጽ።

እንተኾነ፡ እቲ መንግስቲ ሓደስቲ ሓካይም ክምድብ ዘይክኣለሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ እኹል ባጀት ስለዘይብሉ ምዃኑ እዩ ዘረድኣ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ኬንያ ንሽዱሽተ ዓመት ኣብ ዩኒቨርስቲ ተማሂሩ ናብ ስራሕ ዝዋፈር ሓኪም ዝኽፈሎ መጠን መሃያ፡ ማዕረ ናይ'ቲ ንሽዱሽተ ወርሒ ጥራሕ ሰልጢኑ ኣብ ስራሕ ዝምደብ ፖሊስ እዩ።

እቲ ብሓካይም ዝቐረበ ዘሎ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ፡ እተን ሆስፒታላት ንተሓከምቲን ግቡእ ኣገልግሎት ካብ ምሃብ ከብኩረን ከምዝኽእል፡ እዚ ድማ ኣብ ጽላት ጥዕና ኬንያ ከቢድ ጸቕጢ ከይፈጥር ከምዝይተርፍ ክኢላታት የጠንቅቑ።

## ሑቲ - 'ልዕሊ ድምጺ ፍጥነት ዘለዎ ሚሳይል ዓጢቐም' ተባሂሉ

የመናውያን ዕጡቃት ሑቲ፡ 'ሃይፐርሶኒክ' ዝበሃል ልዕሊ ድምጺ ፍጥነት ዘለዎ ሓደሽ ሚሳይል ከምዝዓጠቑ ወኪል ኣገልግሎት ዜና ሩስያ (RIA) ሓቢሩ።

እቲ ኣገልግሎት ዜና፡ ኣስሚኡዎም ዝደለየሎም ላዕለዎት ሰበስልጣን ሑቲ ብምጥቃስ፡ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እቶም ዕጡቃት ነቲ ኣብ ኣድ ውሑዳት ሃገራት ጥራሕ ዝርከብ ዘመናዊ ኣጽዋር ምዕጣቖም፡ ብማያዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ልዕሊ ዝመላለሳ ንግዳውያንን ወተሃደራውያንን መራኽብ ሃገራት ምዕራብ፡ ዘካይዱዎ መጥቃዕቲታት ከሐይሎ ምዃኑ ዘርኢ ምዃኑ ገሊጹ።

እቶም ዕጡቃት፡ ኒታ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ዓራዳ ንወተሃደራዊ ምንቅስቓሳቶም ትዓግት ወይ ተፍሽል ዘላ ኣመሪካን መሻርኽታን ንምብዳህ ዘይጽበ.ይ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ክኽተሉ ከምዝኽእሉ ከኣንፍቱ ምጽናሖም እዩ ዝሕበር።

ላዕለዋይ መራሒ ሑቲ ዓብደል ማሊኽ ኣል-ሑቲ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ነተን ንማያዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ ገዲፈን ናብ 'ጽንፊ ጽቡቕ-ተስፋ' (ደቡባዊ ማያት ደቡብ ኣፍሪቃ) ዘቕንዓ መራኽብ እውን ከወቕዐወን ምዃኖም ኣጠንቂቖም ኣሎ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ትማሊ ዓርቢ ንግሆ ኣብ ማያት የመን - ከባቢ ወደብ ሑደይዳ ሓንቲ ንግዳዊት መርከብ ካብ'ቶም የመናውያን ዕጡቃት ብዝተወንጨፈ ሚሳይል ከምእተወቕዐት፡ ወተሃደራውያን ሰበመዚ ማእከል ንግዳዊ ንጥፈታት ባሕሪ ብሪጣንያ ሓቢሮም።

እታ መርከብ፡ በቲ ዘጋጠማ መጥቃዕቲ ጉድኣት ከምዘወረዳ ዝሓበሩ እቶም ሰበ መዚ፡ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰራሕተኛታታ ግን ዝበጽሐ ሓደጋ ከምዘየለ ኣረዲኦም።

ኣብ ማያዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ - ኣብ ልዕሊ መራኽብ ሃገራት ምዕራብ ዝፍጸም ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት፡ ዓለም - ኑዖም ንዘመን ንኣስታት 1,000 ዓመት (ክሳብ 1962) ካብ ዝመርሑ 'ዛይዲ' ዝበሃሉ ውሑዳን ዓሌት ሺዓ ዝኾኑ ሑቲ ዚያዳ ክትግደሰሎም ኣገዲዱዋ ከምዘሎ ይግለጽ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ | 16/03/2024 | ጎደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት መስጊድ ገዛ ጣንዳ ጥልያን | 119802 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ     ቁ.ቴሌፎን 127565